ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.135 | ረቡዕ 5 ለካቲት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ትራምፕ ዶላር ክትክእ . . .




ገጽ 3
ስርሒት ፈንቅል



ገጽ 4
ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ . . .



ገጽ 5
ኣፍሪቃ፡ ግዳይ . . .



ገጽ 11
ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ . . .



# ሓልሓል- ኣብ ርሀይ ዝተሰርሐት ዲጋ ተመሪቓ

ኣብ ርሀይ - ንኡስ ዞባ ሓልሓል ዝጸንሐ ሽግር ዝስተ ማይ ንምቅላል፡ ብምትሕብባር ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ ሚኒስትሪ ሕርሻን - ተሳትፎ ህዝብን ክፍለሰራዊት 34ን ዝተሰርሐት መጠኑንኡስ ዲጋ፡ ብ2 ለካቲት ተመሪቓ።

እቲ ከባቢ ከቢድ ሽግር ዝስተ ማይ ከምዝነበሮ ዝጠቐሰ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ርሀይ ኣቶ ማሕሙድ ሓምድ፡ እታ ዲጋ ነቲ ጸገም ከተቃልል ዓቢ ተስፋ ከምዝለዎም ብምእማት፡ ኣብ'ቲ ስራሕ ዕዙዝ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣመስጊኑ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሓልሓል ኣቶ ግርማጼን ኣብርሃን ኣዛዚ ክፍለሰራዊት 34 ሌተናል ኮሎኔል ገብረኣብ ጸሃየን ብወገኖም፡ ህዝብን ሰራዊትን ተወሃሂዶም ዘካይድዎ ዘለዉ ህንጻውን ልምዓታውን ንጥፈታት፡ ኣካል መደባት ጥሙር መኸተ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ውጽኢቱ ኣድማዒ ስለዝኾነ ብዝለዓለ ከምዝድፋኣሉ ኣብሪሆም።



ወከል ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ጉብረመስቀል ተወልደ ድማ፡ እታ ዲጋ ሽግር ዝስተ ማይ ህዝብን ጥሪትን ብምቕላል ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ኣበርክቶ ከምዝህልዋ ብምሕባር፡ ቀጻልነታ ንምውሓስ ኣብ ልዕሊኣ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ክስላሰል ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላሙሳ ኣብ ዝሃቦ መዘጋ ቃል፡ ሰራዊት ኤርትራ መታብሮ ህዝቡ ንምምሕያሽ ዘካይዶ ልምዓታዊ መደባት ብምምጓስ፡ ንመንግስቱ ዘንጸባርቕ ህያው ሓወልቲ ከምዝኾነ ገሊጹ።

እቲ ናይ ምምራቕ ስነስርዓት፡ ጉጅለ ባህሊ ሻልምባ ናይ ክፍለሰራዊት 34 ብዘቕረብዎ መሰናድኢታት ዝተሰነየ ነይሩ።

# ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብቕዓት ሕክምናዊ ኣገልግሎት ገሲጋስ ኣመዝጊቡ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብቕዓት ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንምምሕያሽ፡ ትካላት ጥዕና ብዓቕሚ ሰብን ዘመናዊ መሳርሒታትን ንምትልባት ኣብ 2024 ዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ኣብ ምዕባለ ዝወሃብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ጸቡቕ ውጽኢት ከምዝተረኽበ፡ ብ2ን 3ን ለካቲት ኣብ ባረንቱ ኣብ ዝተጌበረ ገምጋም ተገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዶ/ር ሓየሎም ኪዳን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ 2024 ኣገልግሎት ሕርሲ ኣብ ትካላት ጥዕና ብ9 ማእታዊት ከምዝዓበየ፣ ሽፈነ ክታበት 100 ማእታዊት ከምዝበጽሐ፣ ተርእዮ ሓደስቲ ሕማማት ከምዝይነበረ፣ ምስ ዝነበረ ህጡር ክራማት ዝተራእየ ወሰኽ መልከፍቲ ሕማም ዓሶ ድማ፡ ብዝተወሰደ ቅጽበታዊ ስጉምቲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከምዝኣተወ ኣብሪሁ።

ሓለፍቲ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ንኡስ ዞባታትን ሓለፍቲ ኣሃዱታትን ብወገኖም፡ ኣብ ምቁጽጻር ተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍትን ሕማማት ዝኣድ ስራሕ ከምዝተዓመ፣ ኣብ ትግባረ መደባት ኮም ዝመርሓ ከባቢያዊ ጽሬትን ንጽሕናዊ ንጥፈታትን ጸቡቕ ውጽኢት ከምዝተመዝገበ፣ ተጠቃምነት ዓይኒ-ምድሪ ድማ 93 ማእታዊት ከምዝበጽሐ ገሊጾም።

ብዘይካ'ዚ፡ መስርሒ ህንጻት መጸበዪ ነፍሰጾራት ብደረጃ ዞባ 85 ማእታዊት ከምዝበጽሐ፣ ቁጽሪ ወለንታውያን ለገስቲ ደም ናብ 92 ማእታዊት ክብ ከምዝበለ፣ ኣብ ሆስፒታላትን ማእከላት ጥዕናን ዝተኣታተወ ሓደሽቲ ዘመናውን መሳርሒታት ሕክምና ድማ ኣብ ስሉጥነትን ብቕዓትን ዝወሃብ ኣገልግሎት ዝምስገን ኣስተዋጽኦ ከምዝገበረ ተገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ኣብ ጽላት ጥዕና ዝተመዝገበ ለውጢ፡ ውጽኢት ልዑል ህዝባዊ ንቕሓትን ሓያል ጻዕሪ ሰብ ሞያ ጥዕናን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ትግባረ ኮም ዝመርሓ ከባቢያዊ ጽሬት ብደረጃ ዞባ ብምልኣት ንኽትግበር፡ ብምውህሃድ ኩሉም መሻርኽቲ ኣካላት ብልዑል ኣተኩሮ ይስራሓሉ ከምዝሎ ኣረጋጊጹ።

ሚኒስተር ጥዕና ኣሚና ኑርሑሴን ብወገና፡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብዘይካ'ቲ ብሚኒስትሪ ደረጃ ዝተጌበረ ወፍሪ፡ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንምስፋሕን ንምምሕያሽን ብህዝቢ፡ ምምሕዳራትን ካልኦት ኣካላት መንግስትን ከምኡ'ውን ብሞያውያን ጥዕና ዝተጌበረ ጻዕሪ ዝኣድ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ኣብ 2025 - ትካላት ጥዕና ሽቶታት ዘላቒ ምዕባለ ማእከል ዝገበረ መደባት ሓንጺጸን ክሰርሓን ንትግባረኡ ዕቱብ ጻዕሪ ክካይዳን ኣዘኻኺራ።

# ማእከል - ሆስፒታል ኦሮታ፡ ድሕነት ኣደን ዕሸልን ንምውሓስ ይሰርሕ ኣሎ

ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ዝርከብ ክፍሊ መወለዲን ድሕነት ኣደን ዕሸልን ንምውሓስ፡ ኣብ ዕድመ ወሊድ ንዝርከባ ደቂኣንስትዮ





ዝምስገን ኣገልግሎት ይህብ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ናይ'ቲ ክፍሊ ዶ/ር ሃብተስላሰ ዘርእዝጊ ሓቢሩ።

ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ፡ ዝለዓለ መወከሲ ትካል ብምዃኑ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ናይ 24 ሰዓታት ምስ ሕርስን ጥንሰን ዝተኣሳሰር ንቡር ኣገልግሎታት፡ ግብራውን ክልሱ-ሓሳባውን ትምህርቲ እውን ከምዝህብ ዝጠቐሰ ዶ/ር ሃብተስላሰ፡ ነፍሰጾራት ክሳብ ናይ ሕርሲ ግዜአን ዝኣክል ኣብ ከባብአን ኣብ ዝርከባ ነቑጣታት ጥዕና ካብ 8 ክሳብ 12 ግዜ ክትትል ክገብራ፣ ድሕሪ ሕርሲ'ውን ብስሩዕ ክቖጻጸራ ተላቢዩ።

ተልእኾ ናይ'ቲ ትካል፡ 'ጥዕይቲ ኣደን ጥዑይ ህጻንን ምውሓስ' ምዃኑ ብምሕባር፡ ኣደታት ብሓፈሻ ነፍሰጾራትን ሓራሳትን ድማ ብፍላይ ነቲ ብክኢላታት ጥዕና ዝወሃበን ኣስተምህሮ ብግቡእ ብምክትታልን ብምትግባርን ጥዕናአንን ጥዕና ውላደንን ከውሕሳ ተማሕጺኑ።

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ትራምፕ ዶላር ክትክእ ንዝፍትን የጠንቕቕ

"ኣመሪካ ትቐድም" ዝብል ጭርሖ ሒዙ ዝንቀሳቐስ ዝነበረ መበል 47 ፕረዚደንት ኰይኑ ናብ መዝነት ዝተመልሰ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ሓያሎ እታው ቀረጽ ክሸኽን ይረአ ኣሎ። ምስ ኣመሪካ ዒቢ ናይ ንግድ ዝምድናታት ዝነበረን ዓበይቲ ቁጠባ ዝውንና ሃገራት ካብ ሕጂ ንጸው ንኣመሪካ ክብለጸላ ከምዝይክእላ ዝፍክር ዘሎ ትራምፕ፡ ኣብዚ ቐንያት'ውን ናብ ኤውሮጳ ዘቕንዐ መጠንቀቕታ ይፍኑ ኣሎ። እተን ቀረጽ ዝጸዓነን ዘለዋ ሃገራት እውን ከምቲ ናይ ኣመሪካ ኣይኹን እምበር ብዓቕመን እውን 'ክብሪ ሃገር' ንምሕላው፡ ናብ ሃገራተን ንዝኣቱ ፍርያት ኣመሪካ ተመጣጣኒ ወሰኽ ቀረጽ ክስልዓ ከም ዝኾና ይገልጻ ኣለዋ። ድሕሪ ፈኩስ ናይ 'ንግዲ ውግእ' ዝፈጥሮ ምትህልላኽ፡ እተን ሃገራት ኣብ ተዛማዲ ምርግጋእ ዘለዎ ናይ ንግዲ ርክብ ክቐጽላ ይኽእላ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ከቢድ መጠንቀቕታ ዝሃበሉ ዘሎ ካልእ ጉዳይ፡ ሃገራት ብሪክስ ካብ ጸግዐተኛ ዶላር ሓራ ንምውጻእ ዝዝበርኦ ፈተነ እዩ። ንምልኪ "ሓያል ዶላር" ንምትካእ ዝሕልና ሃገራት ብሪክስ ናይ 100 ሚእታዊት ቀረጽ ከም ዝጸዓነን ኣጠንቂቑ ኣሎ። ሃገራት ብሪክስ ንሓድሕደን ኣብ ዘካይዳኦ ንግዲ ኣብ ናይ ካልእ ሃገር ባጤራ ካብ ዝተመርኰሰ ትውግት ናጻ ክወጻ ክፍትና ጺሪሐን እየን። እገዳ ሃገራት ምዕራብ፡ ብጠራ ዶላርን ዩሮን ተዓቒሩ ዝነበረ ብኣማኢት ቢልዮናት ዝቝጸር ናይ ሩሲያ ገንዘብ ድሕሪ ምድስኮሉ፡ በዚ ዝሰከሓ ሃገራት ካልእ ኣማራጺ ክናድያ ዘገድድ



ኲይኑ ጺሪሑ እዩ።

ኣብ መንጎ ክልተ ሃገራት ኣባላት ብሪክስ ኣብ ዝግበር ንግዲ ደማ ብዝሃገራዊ ባጤራታተን ንግዳዊ ልውውጥ የካይዳ ከም ዘለዋ ይፍለጥ። ንኣብነት ህንዲ ካብ ሩሲያ ነዳዲ ክትዕድግ እንድሕር ኰይና፡ ንሩሲያ ብናይ ህንዲ ባጤራ ሩፒ ትኸፍላ። ሩሲያ ኸኣ ካብ ህንዲ ዝደልያ ሸቐጣት በቲ ናይ ህንዲ ሩፒ ዓዲጋ ተእቱ። ተረፍ ሩፒ እንድሕር ሃልዩ፡ ክሳብ ኣብ መዓላ ዝውዕል ኣብ ባንክታት ሩሲያ ይኽዘን። ከምዚ ኣገባብ ንግዲ ንምዝሑ ትንፋስ ዝሀብ ዓይነት 'በደላ' ካብ ምፍጻን ሓሊፉ ናብ ዲጂታላዊ ዘመናዊ ትውግት ክሰግር ግን ኣይከኣለን። ኣብዚ ግዜ እዚ እናበዝሓ ዝኸዳ ዘለዋ ሃገራት ኣባላት ብሪክስ፡ በዚ ኣገባብ 'በደላ' ክጥቀማ ከጸግመን ከምዝኽእል ይዝረብ። ትሑት ትሕተ-ቕርጺ ስርዓት ባንክን ሕሱር ገንዘበን ናይ ዘለወን ሃገራት ባጤራ ክትዕድግሉ ኣይትኽእልን ከም ሃብቲ ክትዓቕሮ እውን ረብሓ የብሉን። ስለዚ ኩለን ሃገራት ብሪክስ ክጥቀማሉ ዝኽእላ ናይ ሓባር ባጤራ ክፍጥር ኣገዳሲ ይኸውን።

ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ መርበብ ሓበሬታኡ ኣብ ዘስፈሮ ጽሑፉ፡ "ሃገራት ብሪክስ ንዶላር ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ክገብራ ዘካይዳኦ ፈተነ ካብ ሕጂ ንጸው ወሰን ሒዝና እንጥምተሉ ግዜ ኣብቂዑ እዩ"፣ እተን ምስ ኣመሪካ ናይ ንግዲ ርክብ ዘለወን ሃገራት ብሪክስ ደገም 'ክብለጻልና ኣይክእላን" ይብል'ሞ፡ እተን ሃገራት ካልእ ንዶላር ዝትክእ ባጤራ ክሓትማ ከምዝይብለን የጠንቀቐ።

ትራምፕ፡ ዶላር ብናይ ብሪክስ ባጤራ ክትትካእ ዝኽእል ዕድል ከምዘየለን፡ ኣብ ዓለምለኻዊ ንግዲ "ንሓያል ዶላር" ክትትክእ ዝፍትን 'ደሓን ኩኒ" ኣመሪካ ኢሉ ክርሕቕ ከምዝለዎን የዘኻኸረ። ትራምፕ ኣቐድም ኣቢሉ እውን ተመሳሳሊ መጠንቀቕታ ደሂቡ ምንባሩ ዝዘከር ኰይኑ፡ ኣብ ብሪክስ ካብ ዘለዋ ሓያላት ሃገራት መልሲ ክወሃቦ ጺሪሑ እዩ። ኣመሪካ ንዶላር ከም መቐጸጺ በትሪ ትጥቀመሉ እንድሕር ኰይና፡ ሃገራት ዓለም ካብኡ ክሃድማን ኣብ በደላ ሃገራዊ ባጤራታት ክምርኰሳን ክግደዳ እየን። ክሳብ ሕጂ እንተኾነ እውን ማዕከናት ዜና ካብ ዝዘርገሐኦ ትንቢያታት እንተ ዘይኰይኑ 'ብሪክስ' ዝተባህለ ባጤራ ክቐመሉ ዝኽእል ናይ ግዜ መቓን የለን። ግዳ ኣብ መንጎ ብቑጠባ ዝማዕበላ ሃገራት ብሪክስ ሓድሕዳዊ ናይ ንግዲ ምድግጋፍ እናበርተዐ ኣብ ዝኸደሉ ግዜ፡ ካብ ኣጠቓቕማ ዶላር ዝረሓቐ ፋይናንሳዊ ስርዓት እናማዕበለ ክኸይድ ግድን እዩ።

ዝማዕበላ ሃገራት ብሪክስ፡ እቲ ውድብ ኣብ መንጎ ዝቃላቐላ ቁጠባታት ወይ ከኣ ማእከላይ ዕብየት ዘለወን ሃገራት ዘሎ ናይ ቁጠባ ምድግጋፍ ንምብርታዕ ዝተማስረተ ከም ዝኾነ ይገልጻ። ምስ ካልኦት ቀጻርታት ቁጠባ ንምቅጻጽ ወይ ሻራ ፈጠርካ ፍልልያት ንምግፋሕ ዝተጥረ ከም ዘይኮነ እየን ዝገልጻ። ኣባል ብሪክስ ዝኾነት ህንዲ፡ ዶላር ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ናይ ምግባር ዓላማ ከም ዘይብላ እናገለጸት ምስ ሃገራት ኣባል ብሪክስ ዘለዋ ናይ ንግዲ ርክብ ድማ እናኣደልደለት ከምእትቕጽል ትገልጽ።

ብራዚል ግና፡ ልክዕ ከምቲ ኤውሮጳውያን 'ዩሮ' ዝበሃል ናይ ሓባር ባጤራ ገይሮም ዝጥቀሙ፡ ኣብ መንጎ ኣባላት ብሪክስ ንመናገዲ ዘገልግል ናይ ሓባር ባጤራ ክፍጠር ከም ዘለዎ ክትጸውዕ ጺሪሓ እያ። ኣባላት ብሪክስ ንዶላር ኣብ ዘድኽም መደባት ዘትየን ከም ዘይፈልጣ፡ ተጠቃምነት ዶላር እናጉደለ እንድሕር ከይዱ ባዕሉ ንባዕሉ እናጉሰየ ስለ ዝኸደ ከም ዝኸኣ እየን ዝገልጻ። እገዳ ዝተሸከማ ሃገራት ካብቲ ሃገራት ዓለም ዘራኽብ መርበብ ኣገልግሎት ባንኪ (ስዊፍት) እንድሕር ተሰጕጎ፡ ከም ኣማራጺ ሃገራዊ ባጤራታት እየን ክጥቀማ ዝግደዳ። ካብ ዶብ ናብ ዶብ ብሃገራዊ ባጤራታት እናተጠቐማ ካብ ቁጠባዊ ጸቕጢታት ትንፋስ ክረኽባ ይኽእላ። እዚ ንግዲ እዚ እናዓመረ እንድሕር ከይዱ ግና ከምቲ ፕረዚደንት ብራዚል ዳ ሲልቫ ዝበሎ ከም ዩሮ ዓይነት ባጤራ ክምዕበል ይኽእል - 'ብሪክስ'።

ብዘይካ ካብ ምዕራብ ኤውሮጳ ኣብዚ እዋን ሓያሎ ብቑጠባ ዝበርተዓ ሃገራት ኤስያ፡ ኣፍሪቃን ላቲን ኣመሪካን ናብ ብሪክስ ይጽንበራ ኣለዋ። ከም ግብጽን ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ዝኣመሰላ ሃገራት ናብቲ ቀጽሪ ምሕዋሰን፡ ፋይናንሳውን ንግዳውን ሚዛን ዓለም እናቐየረ ዝኸይድ መድረኽ ከም እተበጽሐ ክኢላታት ይግምቱ።

ካብ ሓፈሻዊ ዓለማዊ እዮት ቀሊል ዘይብሃል ሃብቲ ሒዘን ዘለዋ ኣባላት ብሪክስ ምስ ኣመሪካ ኣብ ዘካይደኦ ንግዲ 100 ሚእታዊት ቀረጽ እንድሕር ተጻዒኑወን፡ ክወርድ ዝኽእል ቁጠባዊ ቅልውላዋት ንኹሉ ዝልክም እዩ ክኸውን ዝኽእል። ፖለቲካውን ዲፕሎማሲያውን ቀጽሪ ዓለም ክቕይር ይኽእል ኢልካ ምግማት እውን ይከኣል።

## ትራምፕ ዝሰረዞ ኣባልነት ኣመሪካ ካብ ዓለም-ለኻውያን ውድባት

ዶናልድ ትራምፕ ኣብዘን ዝሓለፋ ሓደት ሳምንታት ስልጣኑ ኣብ ዘቤታዊ ጉዳያት ሓያሎ ለውጥታት ከም ዝተኣታተወ ዝፍለጥ እኳ እንተኾኑ፡ ጎሊሖም ዝረኣዩ ኣርእስትታት ግና እቶም ኣብ ዓለም-ለኻዊ መድረኽት ዝርኣዩም ፖለሲታት እዮም። ንኣመሪካ ካብ ስምምዕ ፓሪስ ክሊማዊ ለውጥታት ኣውጺእዋ ኣሎ። ኣመሪካ በቲ ኣብ 2015 መንግስታት ዓለም ኣብ ፓሪስ ተኣኪቦም ብከላ ብምቁጽጻር ንፕላኔትና ነድሕን ብዝብል ዕላማ፡ ሃዋህው ዓለም ረሲኑ ምድርና ናብ ምድረብዳ ከይትቕየር ዘውጽእዎ መደባት፡ ትራምፕ ነጺግዎ ኣሎ። ኣብቲ ዝቐጽል ኣብ ብራዚል ዝግበር ዋዕላ ቍጽጽር ክሊማ፡ ብወግዒ ከም ዘውጽኣ ጸብጻብት የረድኡ። ኣመሪካ ብኢንዱስትሪ ዝማዕበለት ከም ምኳና፡ ንዓለምና ብትኪ ተሸከርከርትን ትካላት ፍርያትን ሃዋህው ካብ ዝበከላ ቀዳሞት ተሰራዕቲ ሓንቲ እያ።

ቀንዲ ዕላማ ናይ ትራምፕ፡ ኣመሪካ ምስ እተን ቀዳሞት ኣፍራይቲ ነዳዲ ሃገራት ተሰሪዓ ነዳዲ ክትሰድድ ዘለዎ ድልየት ምኳኑ ምንጭታት የረድኡ። ኣመሪካ ካብ ቀጻላታት ኣኽውሒ ትሕቲ ምድሪ እናጸመቘት (ፍራኪንግ) ብዘዙሒ ዘለዎ ነዳዲ ናይ ምፍራይ ዓቕሚ ኣለዋ። ኣመሪካ ኣፍራይት ነዳዲ እንድሕር ኰይና፡ ኣብ ዋጋታት ነዳዲ ከምጽኦ ዝኽእል ለውጥታት እንተሃልዩ ንመጻኢ ዝረአ እዩ። ኣብ ኣመሪካ ኣብ ዝፈርያ ዕዳጋታት ተሸከርከርቲ ኤሌክትሪክን ገስጋስ ምህዞ ተተኪኡ ጸዓትን ይዝሕትልዶ ይኾውን? ናይ ኣመሪካ ኣብኑት ወሲደን ካልኦት ሃገራት ካብቲ ናይ ፓሪስ ስምምዕ ይዝሕጣ ዶ ይኾና? ንምክልኻል ባህርያዊ ሓደጋታት ዘኽእል ገንዘባዊ ሓገዝ ክቕበላ ዝጸበያ ሃገራት ሳልሳይ ዓለምን ብማይ ዝውሓጣ ዘለዋ ደሴታትን ኣማራጺ ይረኽባ ዶ ይኾና?

ፕረዚደንት ትራምፕ ዘልዓሎ ካልእ ዓለም ለኻዊ ጉዳይ ንሃገሩ ካብ ኣባልነት ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ከም ዘውጽኣ ኣፍሊጡ ኣሎ። እቲ ውድብ፡ ኣመሪካ እትልግሰሉ ካብ ዝነበረት ኣማኢት ሚልዮናት ዶላራት ክሰእን ማለት እዩ። እቲ ውድብ ንድኻ ሃገራት ዝልግሶ ከም መድሃኒት ዓሶ ዝኣመሰለ ረድኤት እንድሕር ነይሩ፡ ሓያሎ ሃገራት ክህሰያ ይኽእላ።

ናይቲ ኣብ መሬሕነት ዘሎ ሰልፊ ሪፓብሊክ ደገፍቲ ዝኾኑ ንውድብ ዓለማዊ ጥዕና ዝኸቕሩ ብዙሓት ወገናት ኣለዉ። ውድብ ዓለማዊ ጥዕና፡ ዓለማዊ ሰርቲፊኬት ክታበት ብግዲ ኣብ ሃገራት ዓለም ክዝርጋሕ ዘለዎ ራእይ ሓያሎ ሰባት ብጥርጣረ ከም ዝርእይዎ ጸብጻባት የረድኡ። እዚ ፓንደሚክ ትሪቲ ወይ ከኣ ቃል-ብቓል ' ውዕል ተላባዒ ሕማማት' ንሃገራት ዓለም ኣብ ሓደ ዓለም ለኻዊ ውዕል የእትወን። ዜጋታተን ብግዲ ይኽተበ። ዜጋ ዝተኸተበሉን ዘይተኸተበሉን ሕማማት ዝፍለየሉ ሰርቲፊኬት ክኣ ይሕዝ። እዚ ሰርቲፊኬት እዚ ዓለም ለኻዊ መለለዪ ናይቲ ሰብ ድማ ይኸውን። ኣብ ልዕሊ እቲ ዘይተኸትበ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ብደረጃ ዓለምን ኣብ ትሕቲ "ዕጽዋ" ወይ እገዳ ይኣቱ። መንግስቲ ዝህቦ ኩሉ ኣገልግሎት ይኽልኦ። እምበኣርከስ ነዚ ውዕል እዚ ዝፈርሑ ኣመሪካውያን ኣብ ሓደ ዓለም ለኻዊ መንግስቲ ዝኣትዉ ዘለዉ ስለ ዝመስሎም ሃገሮም ኣብቲ ውዕል ክትኣቱ ኣይደልዩን። እቲ ውዕል ንውልቂ ሰብ ጥራይ ዘይኮነስ ልኡላውነት ሃገራት ኣጥፊኡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ዓለማዊ መንግስቲ ዘእቱ ናይ መጀመርታ መድረኽ ክኸውን ከምዝኽእል ይግምቱ።

ውድብ ዓለማዊ ጥዕና ግና ኣብ ዓለም ብዝንደበት ንዘዝዕድ ተላባዒ ሕማም ንምክልኻል ሓደ ዓለም ለኸ ውዕል ክፍጠር ኣገዳሲ ምኳኑ ይገልጽ። እቲ መደብ ንጥቕሚ ህዝቢ ዓለም ምኳኑ እውን ይገልጽ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቊ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጸ. 1284

# ስርሒት ፈንቅል

## “ስርሒት ፈንቅል፡ በሪ ምሉእ ሓርነት ዘርሓወ፡ መግዛእቲ ፍርቂ ዘመን ዝፈንቀለ፡ መስተንክር ጅግንነታዊ ፍጻመ እዩ።”

**ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ**

### ሓጺር ድሕረባይታ

ኣብ ማስርሕ ልሙድ ኲናት (Conventional War)፡ ተጋጠምቲ ሓይልታት ብሰለስተ መድረኻት ይሓልፉ። ዝበርትዐ ዓቕሚ ዝሓዘ ወገን ኣብ መድረኽ መጥቃዕቲ ኣብ ዝህልወሉ፡ እቲ ዝደኸመ ወገን ኣብ መድረኽ ምክልኻል ይጸንሕ። እቲ ሓያል ዝነበረ እናደኸመ፡ እቲ ክሳኸል ዝጸንሐ ወገን እናሓየለ እንተ ኸይዱ ድማ፡ ሚዛን ሓይሊ ይቀራረብ'ሞ ክልቲኦም ወገናት ኣብ መድረኽ ጃላነት ይኣትዉ። ኣብ መድረኽ ጃላነት ኣብ ዝካየድ ግጥማት ሓፍሉ ዝወጸ ከኣ ናብ መድረኽ መጥቃዕቲ ይሰጋገር።

መድረኽ 1977-1978፡ ሰውራ ኤርትራ፡ ኣብ መድረኽ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ኣትዩ ዝበዝሕ ክፋል ኤርትራ ተቘጻጺሩ፡ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ከብቅዕ ዝተቓረበሉ እዋን ነበረ። እንተኾነ ኣብቲ ግዜ'ቲ ምስ ዝነበረ ናይ “ዝሑል ኲናት” ውድድር ርእሱ-ሓያላን ዓለም ተኣሳሲሩ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ዝኸተታት'ዚ ብመሰረቱ ዝቐየረ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ምዕባለታት ተኸሲተ። ኣብ እዋን ስርዓት ሃይለስላሴ ኢትዮጵያ ጸግዒ ምዕራባውያን ሓይልታት'ያ ዝነበረት። ኣብ 1974 ስርዓት ሃይለስላሰ ብህዝባዊ ናዕቢ ተዓልዩ፡ ደርግ ናብ ስልጣን ምስ መጸ ግን፡ ኢትዮጵያ ዝምድናኣ ምስ ምዕራባውያን ሃገራት ስለ ዝተበትከ፡ ስርዓት ደርጊ ፖለቲካዊ ጸግዕን ወተሃደራዊ ሓገዝን ንምርካብ ናብ ደምበ ሕብረትሶቭየት ክጽጋዕ ወሰነ። ኣብ ፈለማ 1977 ድማ ኣብ መንጎ ሕብረት-ሶቭየትን ኢትዮጵያን ወተሃደራዊ ስምምዕ ተኸተመ። ከም ውጽኢቱ ሕብረት-ሶቭየት ነቲ ብመጥቃዕትታት ሰውራ ኤርትራን ምስ ሶማል ብዝካየዶ ዝነበረ ኲናትን ወተሃደራዊ ዓቕሙ ተዳኺሙ ዝነበረ ስርዓት ደርግ ንምጥንኻር፡ ንደርግ ዝኽፍ ወተሃደራዊ ሓገዝ ክተውሕዘሉ ጀመረት። ካብ መጋቢት 1977 ክሳብ ለካቲት 1978 ኣብ ዝነበረ ወርሓት ጥራይ (ድሕሪኡ በብግዚኡ ዝወሰኽ ዝነበረ ኣጽዋርን ተተኳስን ከይደመርካ) ልዕሊ ሓደ ቢልዮን ዶላር ዝዋጋኡ፡ ዘመናውያን ነፈርቲ ውግእ፡ ታንክታት፡ ደሩዓት መካይን፡ መዳፍዕ፡ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቝጸር ከቢድ፡ ማእከላይን ፈኰስን ብረታትን ብብዙሒ ተተኳሲን ዘጠቓለለ ዝተፈላለየ ኣጽዋር፡ ናብ ኢትዮጵያ ከም እተጓረት ናይቲ ግዜ'ቲ ጸብጻባት የመልክቱ።

ጉድኒ ጉድኒ'ዚ ንሰራዊት ኢትዮጵያ ዘሰልጥኑን ዝማኽሩን ኣማኢት መኮንናት ሕብረትሶቭየት፡ ኩባ፡ ምብራቕ ጀርመንን የመንን ናብ ኢትዮጵያ ኣተዉ። በዚ ግዜፍ ምትእትታው ድማ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ሚዛን ወተሃደራዊ ሓይሊ፡ ካብ ሰውራ ኤርትራ ናብ ስርዓት ደርግ ተቐየረ። ደርግ በቲ ዝረኸቦ ግዘፍ ደገፍ፡ ኣብ ሓደት ኣዋርሕ ንዓቕሚ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ሓይልታት ምድሪ፡ ባሕርን ኣየርን ብዓቢይ ደረጃ ክብ ብምባል፡ ኣስታት 300,000 ዝበጽሕ፡ ኣብ ጸለም ኣፍሪቃ እቲ ዝዓበየን ዘመናዊ ኣጽዋር ዝዓጠቐን ሰራዊት ክሃንጽ ክኣለ። በዚ ድማ ካብ መድረኽ ምክልኻል ወጺኡ፡ ብልዑል ጸብለልታ ናብ መጠነ-ሰፊሕ መጥቃዕቲ ተሰጋገረ። ሰውራ ኤርትራ ድማ፡ ናብ ምክልኻል ክኣቱ ተገደደ።

### ሰውራ ኤርትራ ኣብ መድረኽ ምክልኻል

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ፈታኒ ኩነታት፡ ሰውራ ኤርትራ ክልተ ኣማራጺታት ነበራ። ሓደ ነቲ ሓራ ዘውጽኦ መሬት ንምክልኻል፡ ነቲ ምስ ዓቕሚ ጸላኢ ዘይመጣጠን ዓቕሙ፡ ኣብ ምሉእ ኤርትራ ዘርጊሑ፡ ኣብ ዘይሚዛናዊ ኲናት ምእታው፡ ካልኣይ ድማ፡ ሓይሉ ዓቂቡ፡ ኣጸቢቡ ክከላኸለሉ ናብ ዝኽእል ጽኑዕ ቦታ ብምዝላቕ፡ ንጸላኢ ኣብ ዝተናወሐ ናይ ምርብራብ ኲናት ጸሚዱ ብምሓዝ ምድኻሙን ምስዓሩን። እቲ ቀዳማይ ምርጫ ዘዋጽእ ስለ ዘይነበረ፡ ሰውራ ኤርትራ ብፍላይ ከኣ መሪሕ ውድቡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ነዚ ካልኣይ ምርጫ'ዚ ብምሕራይ፡ ነቲ ግዙፍ ወራሪ ሓይሊ ኣብ ዝጥዕም ግዜን ቦታን እናገጠመ፡ ኣብ ዝተናወሐ ኲናት ንምርብራብ፡ “ስትራተጂያዊ ምዝላቕ” ክገብር ወሰነ። እዚ ውሳነ'ዚ ቀሊል ውሳነ ኣይነበረን። ተጋዳላይ ኣብ ኣፍደገ ኣስመራ በጺሑ፡ “ለሚ ጸባሕ ኣስመራ ከይጥቅዓ ኢና” እናበለ፡ ህዝቢ ብወኹ “ናጽነት መጺኣ” ኢሉ እናተላለፈወ እንከሎ፡ ናብ ሳሕል ምምላስ ስለዝነበረ፡ ናይ ብሉቂ ትብዓት ዝሓትት ውሳነ እዩ ነይሩ። በዚ ተባዕ ውሳነ'ዚ መሰረት ከኣ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ልዕሊ'ቲ ብዝተፈላለየ መኣዝን ዝወፈረ ህንዱድ ወራሪ ሰራዊት ሰፍ ዘይብል ክሳራ እናኣውረደ፡ ካብ ሰፊሕ ከባቢታት ኤርትራ ደረጃ ብደረጃ እናስሓበ፡ ኣብቲ ደጀኑ ክኸውን ዝመረጾ ኣኽራናት ሳሕል ዓሪዱ ናይ ምርብራብ ውግእ ከካይድ ንዝተናውሐ ኲናት ኾለ።

ቀዳማይ መጠነ ሰፊሕ ወራር ኢትዮጵያ፡ ኣብ መጋቢት ሓምለ 1978 እዩ ጀሚሩ። ኣብቲ ክሳብ መወዳእታ ኑሓሰ ብዝተፈላለየ መኣዝን ዝቐጸለ ማዕበላዊ መጥቃዕቲ፡ ሓይልታት ሰውራ ኤርትራ ብተሪር መኸተ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ወራሪ ሰራዊት ከቢድ ክሳራ ድሕሪ ምውራድ፡ ካብ ደቡብን ሰፊሕ ከባቢታት ምዕራባዊ ኤርትራን ኣዝለቐ።

ካልኣይ ወራር፡ ብ20 ሕዳር 1978 ጀሚሩ ካብ ኣስመራን ምጽዋዕን ንኸረን ሰሜን ዝተፈነወ መጥቃዕቲ ኮይኑ፡ ኣብ ደንጎ ዒድያዕቆብ ኣዝዩ ብርቱዕ ግጥም ዝተኻየደሉ ወራር እዩ። ሰራዊት ህ.ግ ኣብዚ ወራር'ዚ፡ ካብ ሰሜናዊን ምብራቓዊን ግንባር (ከባቢ ኣስመራን ምጽዋዕን) ብምዝላቕ፡ ኣብ ዒላበርዕድን እምበሚዴን ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ሰፍ ዘይብል ክሳራ ድሕሪ ምውራድ፡ ከረን ገዲፉ ኣብ ማስመር ከረን ኣፍዓበት ዓረደ።

ሳልሳይ ወራር፡ ካብ ጥሪ ክሳብ ለካቲት 1979 ዝተኻየደ እዩ። ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ከባቢ ሩባ ዓንሰባ፡ እምበሚዴን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ዓሪዱ ብምጽናዕ፡ ሓያል ናይ ምክልኻል ውግእ ድሕሪ ምክያድ፡ ናብቲ ናይ መጨረሽታ ማከላኸሊ ማስመሩ ክኸውን ዝመረጾ ኣኽራናት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ዘዝለቐሉ እዩ።

ራብዓይ ወራር፡ ካብ 30 መጋቢት ክሳብ 11 ሚያዝያ 1979፡ ኣብ ከባቢ ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን፡ ነቲ ናይ መወዳእታ ማከላኸሊ ማስመር ህዝባዊ ሰራዊት ንምፍንጣስ ዝተፈነወ መጥቃዕቲ ኮይኑ፡ ዝኸና ናይ ቦታ ለውጢን ግስጋሰን ዘርኣየ ዝተሓምሸሸ ወራር እዩ።

ሓሙሻይ ወራር፡ ብ8 ሓምለ 1979 ዝጀመረ፡ ኣብ መንጎ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ሳልሳይ ግንባር ብምኽፋት ዝተፈተነ መጥቃዕቲ እዩ። እዚ ወራር'ዚ እውን ብተመሳሳሊ ዝወጠኖ ሸቶ ከይጨበጠ ዝተሓምሸሸ ወራር እዩ።

ድሕሪ'ዚ ዕወት ናይ ምክልኻል ውግኣት'ዚ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ነቲ ኣብ ሓሙሽተኡ ወራራት ከቢድ ክሳራ ዝተሰከመ ሰራዊት ጸላኢ ዚያዳ ንምርማስ ኣብ ታሕሳስ 1979 ኣብ ግንባር ናቕፋ፡ ኣብ ጥሪ 1980 ድማ ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ወራሪ ሰራዊት ናይ መጥቃዕቲ ተበግሶ ብምውሳድ፡ ዓቢይ ዓወት ተጎናጺፉ። ኣብዚ ውግእ'ዚ ህዝባዊ ሰራዊት ካብ ጸላኢ 17 ታንክታት፡ 10 ደሩዓት መካይን፡ ኣስታት 100 ወተሃደራውያን መካይን፡ ልዕሊ 80 በበዓይነቱ መዳፍዓትን ረሻሻትን ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ፈኮስ ብረትን ሰሊቡ፡ 15 ታንክታትን ደሩዓት መካይንን ኣስታት 100 ዝኸና ወተሃደራውያን መካይንን ብምዕናው፡ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ከቢድ ሰብኣዊ ክሳራ ብምውራድ፡ ጸብለልትኡ ብዮብሪ ኣብ ርእሲ ምርግጋጽ፡ በቲ ዝሰለጦ ኣጽዋር ጉልበት ተኸሲሱ ክብ ኣበለ።

እዚ ተበግሶ'ዚ ኣብ ርእሲ'ዚ ዝተጠቕሰ ወተሃደራዊ ወጽኢቱ፡ ፖለቲካዊ መልእኽቱ እውን ኣገዳሲ ነበረ። እቲ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክድምሰስ እዩ ዝተባህለ ሰውራ ኤርትራ፡ ዘይተሳዕርነቱን ቀጻልነቱን ዘመስከረሉ ውግእ እዩ።

ስርዓት ደርግ ኣብቲ ብተኸታታሊ ዘካየዶ ሓሙሽተ ወራራትን ኣብ መወዳእታ ብህዝባዊ ሰራዊት ዝተወስደ ተበግሶን ኣብ ውሽጢ ዓመትን መንፈቕን ብድምር ልዕሊ 50,000 ሰራዊት፡ ልዕሊ 2500 ካብኣም ምሩኻት እዮ ከሲሩ። እዚ ክሳራ'ዚ፡ ጸላኢ ኣብ ወተሃደራዊ ሚዛኑ ዓቢይ ጸብለልታ ተጎናጺፉሉ ኣብ ዝነበረ እዋን ዝወረዶ ብምንባሩ፡ ንሰውራ ኤርትራ ዓቢይ ዓወት ነበረ።

ሰራዊት ደርግ ኣብዚ ካብ መፋርቕ 1978 ጀሚሩ፡ ብዝተፈላለየ ኣንፈታት ክሳብ ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን መጥቃዕትታት ዘካየደሉ ዝነበረ ዓመትን መንፈቕን ህዝባዊ ሰራዊት ብዘይጎ'ቲ ኣብ ግንባራት ምስ ጸላኢ ዘካይዶ ዝነበረ ናይ ፊት-ፊት ግጥማት፡ ኣብ ድሕሪ ማስመር ጸላኢ'ውን ብደባይን ተንቀሳቓስን ኣሃዱታት ከም ኡ'ውን ብስርሒታት ሃንደሳ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ብቐለሉ ዘይግመት ሰብኣዊን ንዋታዊን ክሳራ ዘኸተለ ብዙሕ መጥቃዕትታት የካይድ ነበረ። ልዕሊ 70 መካይን ዝተቓጽላ ናይ ፈልከትን ቀጋይን - ግንቦት 1979 - ድብያታት ሓደ ኣብነት ናይቲ ዝካየድ ዝነበረ ብዙሕ ደባይ ስርሒታትን ተርግኣትን እዩ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ሓደ ዓመትን መንፈቕን ብስርሒት ሃንደሳ ልዕሊ 100 ታንክታትን ደሩዓት መካይንን ልዕሊ 300 ወተሃደራውያን መካይን ምዕናወን ደሙ እቲ ኣብ ድሕሪ ማስመር ጸላኢ ዝካየድ ዝነበረ ስርሒት፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዘውርዶ ዝነበረ ክሳራ ክሳብ ክንደይ ዓቢይ ምንባሩ ዘርኢ እዩ።

ደርጊ ድሕሪ ፍሽለት ሓምሻይ ወራርን ተበግሶ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን፡ ካብ ጥሪ 1980 ክሳብ ለካቲት 1982 ኣብ ዝነበረ ክልተ ዓመታት፡ “ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ” ኢሉ ዝሰመዮ ሻዱሻይ መጠነ ሰፊሕ ወራር ንምብጋስ ኣብ ምድላው ተጸምደ። 1980-1981 ደሙ ኣብ መንጎ ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ተ.ሓ.ኤ.ን ኲናት ሓድሕድ ዝተኻየደሉ፡ ተ.ሓ.ኤ ካብ ሜዳ ኤርትራ ዝወጸሉ እዋን ነበረ። በዚ ደማ ጸላኢ ነዊሕ ግዜ ወሲዱ ሰፊሕ ምቅርራብ ክገብር ዕድል ረኺቡ። ኣብ ለካቲት 1982 ስርዓት ደርጊ ነቲ ናይ መጨረሽታን ደምሳሲን ክኸውን ዝወጠኖ ጥርዚ ኩሉ ወራራት ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ኣበገሰ። ኣብዚ ወራር'ዚ ደርጊ ብኣርባዕተኡ ግንባራት (ናቕፋ፡ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ባርካን ሓልሓልን) ልዕሊ 120,000 ነዊሕ ታዕሊምን ልምምድን ዝካየደ፡ ግዙፍ ደገፍ ናይ ከበድቲ ኣጽዋር፡ ነፈርቲ ውግእን ሄሊኮፕተራትን ዝነበሮ ሰራዊት ኣሰሊፉ ብርቱዕ መጥቃዕቲ ፈነወ። ይኹን'ምበር ድሕሪ ናይ ኣስታት ኣርባዕተ ኣዋርሕ መሪር ምርብራብ ሻዱሻይ ወራር እውን ብሓያል መኸተ ህዝባዊ ሰራዊት መኺኑ ተረፈ። ኣብዚ ከቢድ ምርብራብ ዝተኻየደሉ ወራር'ዚ፡ ጸላኢ ልዕሊ 55,000 ሰብኣዊ ክሳራ (ምውታትን ውጉኣትን ምሩኻትን) ተሰኪሙ። ህዝባዊ ሰራዊት ልዕሊ 10,000 በበዓይነቱ ኣጽዋር ካብ ሰራዊት ጸላኢ ክሰልብ እንከሎ፡ ሰለስተ ሚግ ነፈርቲ ኲናት፡ ሓንቲ ሄሊኮፕተር፡ ኣስታት 30 ታንክታትን ኣስታት 90 ወተሃደራዊ መካይንን ሓምሺሹ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ከቢድ ንዋታዊ ክሳራ ኣውረደ። ኣብዚ ልዑል ጅግንነት ኤርትራውያን ዝተመስከረሉ መሪር ውግኣት'ዚ ካብቶም ነቲ ወራር ዝመከቱ 13,000 ዝኾኑ ተጋደልቲ፡ ኣስታት 2700 ክስውኡ እንከለዉ፡ ኣስታት 5000 ከኣ ከቢድን ፈኲስን መውጋእቲ ኣጋጠሞም። ልዕሊ ፍርቂ ካብ ዓቕሚ ህዝባዊ ሰራዊት ስዉኣትን ውጉኣትን ምዃኖም መርኣያ ምረት ናይቲ ኲናትን ጽንዓት ተጋዳልይን እዩ።

ስርዓት ደርግ እቲ ንክልተ ዓመት መመላእታ ልዑል ምድላዋት ገይሩ ዘጠኖ ሻዱሻይ ወራር ምፍሻሉ ክቕበሎ ኣይከኣለን። “ሰራዊት ህ.ግ. ኣብ ሻድሻይ ወራር ተዳኺሙ እዩ” ብዝብል ቅማረ ድማ፡ ቅልጡፍ ምውድዳብ ብምግባር፡ ኣብ መጋቢት 1983 “ካልኣይ ገጽ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ” ኢሉ ዝሰመዮ፡ ካልእ ሓድሽ ወራር (ሻብዓይ ወራር) ኣበገሰ። እዚ ወራር'ዚ ዘይከም ሻድሻይ ወራር፡ ኣብ ክንዲ ብእወጅ መግዲ ንተጋዳላይ ንምድህሃል ብስሉሕታ እዩ ጀሚሩ። ስለዚ እያም ድማ ተጋደልቲ “ስሉሕታ ወራር” ዝብል ስም ዘጠመቕዎ። እዚ ወራር'ዚ እውን ድሕሪ ናይ ሸዱሽተ ኣዋርሕ ምርብራብ፡ ኣብ መፋርቕ ኑሓሰ 1983 ብስዕረት ሰራዊት ደርግ ተዛዘመ። ኣብዚ ወራር'ዚ እውን ጸላኢ ተወሳኺ 17,000 ሰራዊት (ምውታት፡ ቀተሳትን ምሩኻትን) ከሰረ። ፍሽለት ሻድሻይን ሻብዓይን ወራር ድማ ነቲ ዘሎ ሓይሉ ኣኻኸበ፡ ንሰውራ ኤርትራ ከቃብጽ ዝወፈረ መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ናብ ምድኻም ኣምረሐ።

ኣብዚ ካብ መፋርቕ 1978 ክሳብ ኑሓሰ 1983 ንሓሙሽተ ዓመት መመላእታ ዝተኻየደ ከቢድ ጥምጥም፡ ወራር ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብጠቕላላ ኣስታት 120,000 ሰብኣዊ ክሳራ (ምውታት፡ ቀተሳት፡ ምሩኻት) ከጋጥሞ እንከሎ፡ ኣማኢት ታንክታትን ወተሃደራውያን መካይንን ተሓምሺሸንኦን ተማሪኸንኦን። ህዝባዊ ሰራዊት ከኣ ዓሰርተታት ታንክታት፡ ከበድቲ መዳፍዕን ረሻሻትን ከም ኡ'ውን ኣሽሓት ፈኲስን ማእከላይን ብረታት ካብቲ ወራሪ ሰራዊት ብምምንዛዕ ጉልበት ተኸሲሱ ኣሐየለ።

ይቕጽል



ግጥማት ስትራተጂያዊ ምዝላቕ - ህዝባዊ ሰራዊት ጉልበት ተኸሲሱ ዘበርኸ ብዙሕ ኣጽዋር ሰሊቡ ዝዓጠቐሉ እዋን

መበል 12 ክፋል

# ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ

## ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ

*ታሪኽ ግፍዕታት ጉጅለ፡ ምዝካር ዘድልየሉ ምኽንያት፡ ኣብ ሕሉፍ ንምንባር ወይ ቂምን ጽልኢን ንምቕጻል ዘይኮነ ካብኡ ትምህርቲ ብምቕሳም፡ ኣሉታዊ ታሪኽ ከይድገም ንቕሓት ንምፍጣር እዩ። ብኢጋጣሚ ዝኽሪ 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከበኣጉ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ህልዊን መጻኢን ወለዶታት ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ኢትዮጵያውያን እውን ክፈልጥዎ ዝግባእ ብስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዕን ገበንን ብጽምቕ ዝዘለ ንኣንበብቲ ተቕርብ።*

ክሳብ 9ይ ክፋል ናይዚ ብተኸታታሊ ዝቐርብ ዘሎ ጽሑፍ'ዚ፡ ብኣሕተምቲ ሕድሪ እተሰናደአት መጽሓፍ "ግፍዒ፡ ዛንታታት ተሞኩሮ ገድሊ. ቅጺ-8" ኣብ መእተዊ ጽሑፍ ኣሰፊረዮ ዘሎ እዩ፡ ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ግን ምስ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ኣየብቀዐን። እዚ ነቕርበልኩም ዘሎና ጽሑፍ ከኣ ካብ 9ይ ቅጺ ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ. መጽሓፍ "መኸተ፡ ካልኣይ ገድሊ. ንምክልኻል ሃገር" ዝተወስደ፡ ኣብ እዋን ወራራት ወያነ (1998-2000) ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዕታት ዝገልጽ እዩ።

### ምስጓግ ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ

ገለ ካብ ዓበይቲ ዕላማታት ንወያነ ብኣሸቀልቲ ዘተዋህቦ ወራር፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ካብ ስልጣን ምእላይ፡ ቁጠባን ትሕተ-ቅርጺን ኣዕኒኻ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጸበባን ጥሜትን ኣውዲቕካ ሞራሉ ብምስባርን ብምርዓድን፡ ሓንቲ ብወከል ወያነ እትመሓደር፡ ትርጉም ህላወ ዘይብላ ኤርትራ ክወን ምግባር እዩ ነይሩ። በዚ ድማ ወያነ ኩናት ድሕሪ ምእዋጃ፡ ሰላማዊ ህዝቢ ምርዓድን ምንብርካኽን ንብረቱ ኣዕኒኻን ዘሞጊትኻን ምድኻዩን ምምሳኡን፡ ካብ መተኣብርኡ ብዝተፈናቐለ ህዝቢ. ቁጠብዊ ጸቕጢ ምፍጣር ሰለዝበረ ንሰላማዊ ህዝቢ ከም ኣካል ናይቲ ኩናት እዩ ጠሚቱዎ።

ነዚ ዕላማታት'ዚ ንምትግባር፡ ስርዓት ወያኔ ድሕሪ ፍሽለት ቀዳማይ ወራሩ (ግንቦት-ሰነ 1998) ብቐጥታ ነቲ ከም ኣካል ናይቲ ኩናት ካብ ፈለማ ወጢንዎ ዝነበረ መደብ ምብራር ሰላማውያን ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ ንምትግባር እዩ ተጓየዩ። ብ12 ሰነ 1998 ድማ ብመራኸቢ ብዙሓኑ፡ "ጸጥታዊ ስግኣት" ዝኾኑ ኤርትራውያን ካብ ስራሕ መንግስቲ ክስጎጉን ካብታ ሃገር ክብረሩን ምዃኖም፡ ሃገራዊ ኣገልግሎቶም ወዲኦም ኣብ ኢትዮጵያ ክቕመጡ ዝጸንሑ "ልኡኻት ሻዕብያ" መንእሰያትን ዝተጣየሱ ተጋደልቲን ድማ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ክጸንሑ ምዃኖም ብወግዒ ምግላጹ ይፍለጥ።

እዞም ዝኣሰሮ ዘይብሎም፡ ግዳያት ናይዚ እኩይ ዕላማ ዝኾኑ ግን መን እዮም? ድሕረ ባይታኦም'ከ እንታይ ይመስል? ምርኣይ ንኣረሜንነት ናይቲ ስርዓት ኣገሊሑ ዘርኢ እዩ።

ቅድሚ መግዛእቲ ጣልያን፡ ኣመንቲ ኦርቶዶክስ ኤርትራውያን ካብ ነዊሕ ጀሚሮም ብውልቆም ንትምህርቲ ክህነት ናብ ገዳማት ኢትዮጵያ ይኸዱ ምንባሮም ይፍለጥ። ካብዚኦም ዝበዝሑ ተማሂሮም ናብ ዓድታቶም እናተመልሱ ከገልግሉ እንከለዉ፡ ውሑዳት ኣብኡ ናብራ ማስሪዮም ከይተመልሱ ዝተርፉ ነይሮም እዮም። ቀቅድሚ መግዛእቲ ጣልያን ነገስታት ኣቢሲንያ (ከም ብዓል ወበ፡ ሰብጋድስ፡ ዮሃንስን ኣሉላን) ኣብ ዝተፈላለየ ከበባታት ናይ ሕጂ ኤርትራ ሰፊሕ ግፍዕን ዝምታን ኣብ ዝፍጽምሉ ዝነበሩ ግዜ እውን፡ ኑብሶም ንምድሓን ዶብ መሪብ ሰጊሮም ኣብ ትግራይን ካልእ ከበባታት ማእከል ኢትዮጵያን ክዕቁቡ ዝተገደዱ ስድራቤታት ነበሩ። ብተወሳኺ ማለት ብሰራሪቦዐ ከምኡ'ውን ብመውሰኦ ናብ ዝተፈላለየ ከበባታት ኢትዮጵያ ምስ ተንቀሳቐሱ፡ ምስ ግዜ ኣብኡ ተጣይሶም ዝሰረቱ እውን ይርከብዎም። ግዙኣት ጣልያን ዝመረሮም፡ ካብ ሰራዊት ኢጣልያ እናኸደዉ ናብ መሬት ኢትዮጵያ ክዕቆቡ ዝኸዱ ዝነበሩ ኤርትራውያን ዓቕሚ እውን ውሑዳት ኣይነበሩን። በዚ ድማ ኣብቲ ታሪኻዊ ወግእ ዓደዋ ኮነ ጣልያን ንኢትዮጵያ ኣብ ዝወረረትሉ 1935፡ ኣብ ጎድኒ ኢትዮጵያውያን ኮይኖም ኣንጻር ጣልያን ዝተዋግኡ ኤርትራውያን ብዙሓት እዮም።

እዞም፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ናብ ኢትዮጵያ ዝሰገሩ ኤርትራውያን፡ ክሳብ ራብዓይን ሓሙሻይን ወለዶ ኣብታ ሃገር ተቐሚጦም፡ ምስቲ ሕብረተሰብ ተወሃሂዶም፡ ገሊኦም ተዋሲቦም፡ ንብዙሓም ከም ኢትዮጵያውያን ዝፈልጥዎ እዮም። "እቶም ንቑላት" (The Uprooted) ብዝብል ኣርእስቲ ብ'ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ" ተሓቲሙ ዝዘርግሐ ወጽኢት መጽናዕቲ ከምዝረጋገጾ 12% ካብቶም ኣብ ዓመት 1998 ዝተሰጎጉ፡ ምስ ኢትዮጵያውያን ዝተመርዓዉ መጻምድቶምን ደቆምን ጉዳፍም ዝተባረሩ እዮም። እቶም ካልኦት እውን እንተኾኑ፡ ዋላ ከይተዋሰቡ ብብዙሕ መዳይ ምስቲ ሕብረተሰብ ተኣሳሲሮም፡ ምስ ቋንቋን ባህልን ክብርታትን ናይቲ ዝነብሩሉ ሕብረተሰብ ተወሃሂዶም ዝቕመጡ ዝነበሩ እዮም።

ዝበዝሑ ሰደት ኤርትራውያን ናብ ኢትዮጵያ ዝተራእየ ግን ድሕሪ ጎቦጣ ኤርትራ ብኢትዮጵያ፡ ስርዓታት ሃይለስላሰን ደርግን ደይ መደይ ኣሎም ኣብ ኤርትራ ዝበረ ቁጠባ ንምዕናው፡ ሓያሎ ትካላት እናመሓዉ ናብ ኢትዮጵያ ኣብ ዘግዕዙሉ ዝነበሩ ግዜ እዩ። በቲ ብሰንኪ ምምሕዳር ብራጣንያን ጉጅለ ኢትዮጵያን ዝሰዓበ ቁጠባዊ ውድቀት፡ ብዙሓት ኤርትራውያን ሸቕለት ንምርካብ ናብ ኢትዮጵያ ክሰዱ ተገዲዶም እዮም። ድሕሪ ናጽነት ከኣ፡ ውሑዳት ሃገራዊ ኣገልግሎቶም ዘወድኡ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ናይ ወጻኢ ሃገር መኽሻ ንምስላጥ፡ ንምዝዋር፡ ቤተሰብ ንምብጻሕ ወዘተ. ናብ ኢትዮጵያ ዝኸዱ ነበሩ።

ሓያሎ ካብኣቶም ንነዊሕ እዋን ብቐዋምነት ኣብ ኢትዮጵያ ዝቕመጡ ዝነበሩ ኤርትራውያንን ኤርትራዊ መበቆል ዘለዎም ኢትዮጵያውያንን ምሁራትን ኤርትራውያን፡ ኣብ ከም ቴሌኮሙኒኬሽንን ሓይሊ ኤሌትሪክን ዝኣመሰለ መንግስታዊ ትካላት፡ ካልኦት ኣብያተ ጽሕፈት መንግስቲ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ዘይመንግስታውያን ማሕበራትን ኤምባሲታትን ይሰርሑ ነበሩ።

ካድረታት ስርዓት ወያኔ ነዞም ኣብ ኢትዮጵያ ዝቕመጡ ዝነበሩ ሰብ ጸጋ ኤርትራውያን ብኣንጻር'ቲ ስርዓት ወያነ ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣኑ ከየልደለ ብንዋትን ካልእን ዝገበሩሉ ወሲ. ደገፍ ብዓይኒ ቅንኢ. ይጥምትዎም ምንባሮም ዘረጋግጽ፡ እቲ ናይ ምስጓግ ስጉምቲ ሳላ'ቲ መለለዪ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ናይ ስራሕን ጻዕርን ባህሊ፡ ኣብ ዝሓዝዎ ዓይነት ስራሕ ህርኩታትን ዕዉታትን እዮም ነይሮም። በዚ ድማ ጸቡቕ ኩነታት መነባብሮ ዝነበሮም እዮም። ዝበዝሕ ካብቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ከበባታት ኢትዮጵያ፡ ኣውራ ድማ ኣብ ኣዲስኣበባን ካልኦት ዓበይቲ ከተማታት ኢትዮጵያን ዝነበረ ቁጠባዊን ንግዳዊን ትካላት፡ ከም ጋራጃት፡ ዋኒን ትራንስፖርት፡ ናይ ኤሌትሪክ ንግዲን ስራሕን፡ ትካላት ጽርበት ዕንጸይቲን ሓጺንን፡ ትካላት መቀያየሪ ኣቑሑ መካይንን ናይ ህንጻ መሳርሒታትን ብኤርትራውያን ዝውነን እዩ ነይሩ። እዞም ግቡእ ግብሪ መንግስቲ እናኸፈሉ ብሕጊ ዝሰርሑ ዝነበሩ ኤርትራውያን ኣብ ቁጠባ ናይታ ሃገር ዝነበሮም ኣበርክቶ ብቐሊሉ ዝግመት ኣይነበረን። ብዘይካ'ዚኦም፡ ብዙሓት ክኢላታትን

ምስ ተኣወጀ ተቐዳዲሞም ዒላማ ዝነበርዎም ነዞም ትካላትን መንበሪ ኣባይቲን ዝውንኑ ጸቡቕ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ቦታ ዝነበሮም፡ ዝበዝሑ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝቕመጡ ኤርትራውያን እዮም። ካብቶም ኣብ ፈለማ ናይ ምስጓግ ዘርያታት ዝተሰጉ ልዕሊ 35% ናይ ገዛእ ርእሶም መንበሪ ኣባይቲ ዝነበሮም፡ ወነንቲ ትካላትን ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መካይንን ማሽነሪታትን ምንባሮም መጽናዕቲ ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ የረጋግጽ። ሓደ ካብ ዓበይቲ ዕላማታት ናይቲ ምስጓግ ንብረት ምዝማት ብምንባሩ፡ መብዛሕትኦም ካብዞም ስጉጓት ንብረቶምን ገዛዉምን ክውግኑ ሕጋዊ ወኪልና ክገብሩሉን እውን ኣይተፈቕደሎምን።

ካድረታት ወያኔ ንዞም ኤርትራውያን እናለቐሙ፡ ኣብ መኣሰርቲ ዳጉኖም ከምርምርዎም እንከለዉ. ዘቕርብሉም ዝነበሩ ክሲታት፡ "ኣብ ሪፈረንዱም ኣድሚጽኩም፡ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተሳቲፍኩም፡ ኣባላት ማሕበራትም ኢኹም፡ ኣባላት ህግደፍ ኢኹም፡ ኣብ ክረምታዊ ማእቶት ተሳቲፍኩም፡ ሓደ ክልተ እዋን ወይ ልዕሊኡ ናብ ኤርትራ በጺሕኩም ነይርኩም" ዝብል ነበረ። እዚ ዝተጠቕሰ ክሲታት ከም ዓቢ. ገበን ተቖጺሩ ምኽንያት ምስጓግ ይኸውን ነበረ። ኣብዚ ኩሉ ንዘይተሳተፉ ድማ፡ "ኣጦካ - ኣደኻ ኣበይ'ዩ ዓደም?" ዝብል ሕቶ ይቐርበሎም። ስም ናይ ኤርትራ ዓዲ እንተጠቒሶም ድማ ብቐጥታ ክብረሩ ይውሰኖም ነበረ።

እዞም ኤርትራውያንን ኤርትራ ዝመበቆሎም ኢትዮጵያውያንን ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ፡ በቲ ኣብ መንጎ ህዝባዊ ግንባርን ወያነን ኣብ ቃልሲ. ዝተመስረተ ዝምድናን ከም ወጽኢቱ ኣብ ክልቲኦን ሃገራት ዝሰፈነ ሰላምን ምሕዝነትን ክልቲኦም ህዝብታት እምብዛ ሕጉሳት ብምንባሮም፡ ክሳብ'ታ ወያነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ወራር ዝኣወጀላ ሰዓት፡ ደገፎም ንስርዓት ወያነ ቁጡብ ኣይነበረን። ኣብቲ ፈለማ ዓመታት ከኣ፡ እቲ ስርዓት ክሳብ ዝደልደል፡ ገንዘብ ብምውጻእ ኮነ ጸጥታን ርግኣትን ከበ. ብምሕላው፡ ኮታ ኣብ ኩሉ'ቲ ስርዓት ዝጠልቦ ዝበረ ምትሕግጋዝ ልዑል ኣበርክቶ ይገብሩ ነበሩ።

ብዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከምዝመልክቶ፡ ካብቶም ወያነ ብጎነፍ ካብ ዝተፈላለየ ከበባታት ኢትዮጵያ ዘብረሮም ልዕሊ 75,000 ኤርትራውያን፡ 7% ኣብቲ ወያነ ካብ 1991 ክሳብ 1993 ስልጣኑ ንምርግጋእ "ሰላምና መረጋጋት" ብዝብል ስም ዘቖሞ ናይ ጸጥታ ሓይሊ፡ ብረት ዝዓጠቑን ንምርግጋእ ናይቲ ስርዓት ብዝነበርዎ ኣበርክቶ ናይ ምስጋና ወረቐት ዝተቐበሉን እዮም ነይሮም። እቲ መጽናዕቲ ብተወሳኺ 6.8% ናይ ፓርቲ (ኣብ ውድባት ኢህወደግ) ኣባላት ዝነበሩ፡ 19.6% ገንዘብ ብምውጻእ ነቲ ፓርቲ ዝድግፉ ዝነበሩ፡ 45.2% ድማ ኣብ ግዜ ምርጫ ንኢህወደግ ዘድመጹ እዮም ነይሮም። ንብዓል ደማዕቶን ሓጊዝኻን ብዓይኒ ቅንእን ሕሰድናን ምጥማት፡ ጥልመትን ክሕደትን ግን ባህርይ መራሕቲ ወያነ እዩ። ብዓል ጸበቓይ ዘዝበል ሕልና የለን።



ስርዓት ወያነ ሰለይቲ ኢሉ ብግፍዒ ካብ ዘባረሮም ዜጋታት



ተዓለምቲ ወያነ ኣብ ሳሕል

ይቕጽል

3ይ ክፋል
የማነ ያእቀብ
ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት

# ኣፍሪቃ፡ ግዳይ መግዛእታውን ድሕረ-መግዛእታውን መዋቕራዊ መጻወድያ

*ቱኒዝያዊ ፕሮፈሰር ፋደል ቃቡብ ምዕራባውያን ኣብ 50ታትን ድሕሪኡን ዝሃንጽዎ ቁጠባውን ፖለቲካውን ምዝመዛኣም ኣብ ኣፍሪቃ ዝቕጽሉሉ መዋቕራዊ መጻወድያ፡ ክሳብ ሕጂ ንሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ታኼላ ደኺሙትን ዕዳን ሸሚሙ ካብ ምዕባለ ሓሊኹ ሒዝወን ከም ዘሎ እዩ ዝገልጽ። ካብዚ መዋቕራዊ መጻወድያ ንምልቃቕ ሃገራት ኣፍሪቃ ዘለወን እኹል ኣማራጺ ድማ ኣንጻር ርዱእ ተጻብኦታት ምዕራብ ማኪትካ ዞባውን ኣህጉራውን ሕብረትን ሓባራዊ ዕዳጋን ምምስራት፣ ጥመር ጂኦፖለቲካዊ ሓይሊ ብምፍጣር ምዕሩይ መዛዘኒ ባይታ ምጥጣሕ ጥራይ ምዃኑ ይገልጽ። እዚ ጽሑፍ'ዚ ጽማቝ ትርጉም ናይቲ ፕሮፈሰር ፋደል ኣብ ኬንያ ምስ ዝመደቦ ንግዲ ሾው ዝገበሮ ሰፊሕ ቃለ መሕትት እዩ።*

***

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ፋደል ቃቡብ ምንጪ መጻወድያ ዕዳ ኣብ ምሉእ ኣፍሪቃ ኣብ ሰለስተ መሰረታውያን ዓውድታት ከም ዝኸፈሎ፡ ንሱ ድማ 1. ሕጽረት መግቢ 2. ሕጽረት ጸዓት 3. ሕጽረት ዋጋ ዝወሰኽ ትሕዝቶ ዘለዎ ስርዓት-ሰንዓ (ቴክኖሎጂ) ምዃኑ ገሊጹ። ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ክፋላት ድማ ንሕጽረት መግብን ሕጽረት ጸዓቱን ብሰፊሑ ኣብሪሁ ነይሩ። ኣብ ናይ ሎሚ ክፋል ድማ ብዛዕባ ክብሪ ዝወሰኽ ቴክኖሎጂ ዝገለጾ ነቕርበልኩም።

**መቕጸልታ መልሲ ፋደል ቃቡብ–**

እቲ ሳልሳይ ማሓንቖ ዝበልክዎ ክብሪ ዝወሰኽ ቴክኖሎጂ እዩ። እቲ ክንዓጥቆ ዝፍቀደልና ዓይነት ቴክኖሎጂን መሰረት ስርዓት-ሰንዓን ግን፡ ማለት ኩሉ ሰንሰለት ሰንዓ ናይ ሓደ ውዱእ ኣቕሓ ባዕልና እነፍርየሉ ዘይኮነስ፡ መጦጣጠሚ ማሽናት ካብ ደገ ንጸዓት ዝኾነውን ኑዳዲ ካብ ደገ ዝጦጣጠሙ ክፍሉ-ኣካላት ካብ ደገ ዋላ'ውን መጠቐሊሊ ናይቲ ፍርያት ከይተረፈ ካብ ደገ እነእትወሉ ዓይነት ቴክኖሎጂ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ካብ ደገ እነእትዎ ፍርያት ልዑል ትሕዝቶ ወሰኽ ክብሪ ዘለዎ ስለዝኾነ ከኣ ኣብ መውዳእታ ትሑት ትሕዝቶ ወሰኽ ክብሪ ዘለዎ ኣቕሑት ኣብ ምፍራይ ንሕጸር።

ቀሊል ኣብነት ክህበኩም። መኪና ከተፍሪ ዘኽእለካ ቴክኖሎጂ የብልካን። መኪና ከተጦጣጥም ዘኽእል ቴክኖሎጂ ግን ካብ ደገ ከተእቱ ትኽእል ኢኻ። ዋጋ ናይቲ ካብ ደገ ዘእተኻዮ መጦጣጠሚ ቴክኖሎጂ፡ ኣካላት መኪና፡ ጸዓት፡ ዓያዪ ጉልበት፡ መጉዓዝያ፡ ግብርን ቀረጽን ካልእ ወጻኢታትን ኣብ ዋጋ ናይታ ኣጦጣጠምካ ኣብ ዕዳጋ ዘውረድካያ መኪና ኣእቲኻ ምስ ኣህጉራዊ ዕዳጋ ክትውዳደር ትኽእል'ዶ? እቲ እትረኽቦ መኽሰብከ ምስ'ቶም መኪና ኣፍርዮም ናብ ዕዳጋ ዘውርዱ ትካላት ብምንጽጻር ክንደይ ምንታይ እዩ ክኸውን? ብኸምዚ ዝፍረኞ ኣቕሓ ብስምምዕ ናጻ ዕዳጋን ሽርክነትን ብኽልተ፡ ብሰለስተ፡ ብኣርባዕተ ዕጽፊ ወይ ዝያዳ ንሰደድ ክትልእኽ ትኽእል ኢኻ። ይኹን'ምበር ትሑት ትሕዝቶ ወሰኽ ክብሪ ዘለዎ ብምዃኑ ዝኾነ ለውጢ ኣየምጽእን። ኩሉ ግዜ ኣብ ደረጃታት ቁጠባ ዓለም ኣብቲ ዝተሓተ ደረጃ፡ ኣብቲ ዝተሓተ ሰንሰለት ዋጋ ምስተኣሰርካ ኢኻ።

ስለዚ፡ እዚ ሰለስተ መዋቕራዊ ሕጽረታት ክሳብ ዘለወ፡ መግቢ ካብ ደገ ከተእቱ ኢኻ ጸዓት ካብ ደገ ከተእቱ ኢኻ ወጻኢት ቴክኖሎጂ ካብ ደገ ከተእቱ ኢኻ ስለዚ ዓመታዊን ካብ ዕቑድ ናብ ዕቑድን መዋቕራዊ ሕጽረት ኣህጉራዊ ንግዲ ኣይፍለየካን። በቲ ዝቐለለ ኣገላልጻ ስሩቕጠቡ፡ ሕጽረት ኣህጉራዊ ንግዲ ማለት ሃገራዊ ባጤራኻ ምስ ዶላር ብምንጽጻር ዝሓሰረ ናይ ምዕዳግ ዓቕሚ ይህልዎ ማለት እዩ። እዚ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ንዋሕ ዓመታት ኪጋጥም ዝተራእየ እዩ። ኣብ ሕሉፍ ተመኩሮ ዝተኣከበ ሓቅታት ምስ እንርኢ ከምዚ ዓይነት ክስተት ምስ ዝኸውን መራሒ ሃገር ወይ ከኣ ምስ ዝኾነ ባህርያዊ ኮነ ሰብኣርሓ ሓደጋ ዝተኣሳሰር ኣይኮነን። ብርግጽ መራሕቲ ሃገራት ኮኑ ባህርያውን ሰብኣርሓን ሓደጋታት ጠንቂ ሕጽረት ኣህጉራዊ ንግዲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እዚ ኣብ ኣህጉርና ዝርአ ዘሎ ሕጽረት ኣህጉራዊ ንግዲ ግን ብቐንዱ ካብ ጸባሕ ናጽነት ኣፍሪቃ ዝጀመረ ብፍላጥ ዝተገበረ ማስርሕ እዩ።

በዚ ምኽንያት ብዙሓሰረ ባጤራ ዝኾነ ካብ ደገ እንዕድጎ ነገር መግቢ፡ መድሃኒት፡ ኑዳዲ ...ወዘተ ኣብ ጸጋባሕ ከቢድ ዋጋ የኽፍለና እዩ ዘሎ። እዚ ከኣ ኣብዮም ቀንዲ ተኣፈፍቲ ዓውድታት ቁጠባና ከም መግቢ፡ መድሃኒት፡ ኑዳዲ ብጋህዲ ዝቕበበ ንሽምት ኣለና ማለት እዩ። እዚ ኑየም ንድኽኡት ዝተቓልዐ ክፋል ሕብረተሰብ ከዕቁብ ግድን ስለዝዝብር ንመራሕትና ኣብ ቅጻበታዊ ናይ ምክልኻል ቦታ የቐምጦም። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብዮም መሰረታውያን ነገራት ከም መግቢ፡ መድሃኒት፡ ኑዳዲ ...ወዘተ ብዘተኻእለ መጠን ድጎማ ይግበር። እዚ ከኣ ንዕቑዳት ይኸይድ። ክቕጽል ስለዘይክእል ግን ዋጋ ባጤራኻ ከተመዓራሪ ዶላር ብመልክዕ ልቓሕ ክትረክብ ሃሰው ትብል። ትልቃሕ፡ ትልቃሕ፡ ትልቃሕ ኣብ መወዳእታ ብዕዳ ስለዝተቐብቦካ ዘለቅሓካ እውን ትሰእን ማለት እዩ። ሽዑ ከይፈተኻ ናብ ባንክ ዓለም ወይ ናብ ኣህጉራዊ ማሕበር ገንዘብ ትቐርብ። እዘን ኣህጉራዊ ፊናንሳዊ ትካላት ከኣ እቲ ልሙድ ቅድመኩነት የቕርባልካ። እዚ ቅድመኩነት ከኣ ቁጠባዊ ቀዳምነታትካን ናይ ፖሊሲ ምርጫኻን ክትቕልስ የገድደካ።

በዚ መሰረት፡ ብዝተኻእለ መጠን ብቐልጡፍ ዶላራት ኣኪብካ ዕዳኻ ንኽትከፍል ዘኽእለካ ቁጠባዊ ንጥፈታት ብቀዳምነት ትሰርሕ። ከይፈተኻ ጸጋኻ ኣሕሊፍካ ንሰደድ ትልእኽ ማለት እዩ። እዚ ገይርካ እትረኽቦ ዶላራት'ውን ኣብ ምንኻስ ዕዳ ስለዘይንክኽል ሕጂ'ውን ነቲ ዝተረፈ ዕዳ ምሕዳስ ግዴታዊ ይኸውን፡


ኣብ ምኽፋል ዕዳ ስለዝውዕል ኑቲ ቁጠባዊ ለውጢ ከምጽኣልካ ዘድልየካ ስትራተጂያዊ ወፍሪ ዝኾነውን ተረፍ ገንዘብ ኣይህልወካን። ኣብ ጥዕና፡ ኣብ ትምህርቲን ካልእ ህዝቢ ዝጸበዮ መሰረታዊ ወፍርታትን ዝውዕል ባጀት ኣይህልዉን። ስለዚ፡ እዛም ክብ ኢልና ዝዘተናሎም ሰለስተ መዋቕራዊ መጻወድያ፡ መግዛእታውን ድሕረ-መግዛእታውን ተልእኾ ዝሓዘሉ፡ ህሉው ቁጠባውን ጂኦፖለቲካውን ደረጃታት ዓለምና ከምዘለዎ ንምዕቃብ ዘገልግሉን ኣህጉር ኣፍሪቃ ካብቲ ዘሎቶ ዝተሓተ ደረጃ ምዕባለ ምዕይ ከይትብል ቀፈዶም ዝሕዙን ብንድፊ ዝተሰርሑሉም እዮም።

እቲ ፍታሕ እምበኣር ናብቲ ሰር ናይቲ ጸገም ምኻድ እዩ። ብቐዳምነት ብውሕስነት መግቢ ዘይተባልኣላወንት መግቢ ኣብ ሕርሻን ሃብቲ እንስሳን ምሕሳብን ናብኡ ኣድሂብካ ምዕያይን የድሊ። እዚ ንምቅላል ዕዳ ጥራይ ዘይኮነ ንምቕላል ብኸላ ኣከባቢ'ውን ሓጋዚ እዩ። ብኻልኣይ ደረጃ ዝጥቀስ ስትራተጂያዊ ወፍሪ ኣብ ልኡላውነት ጸዓት እዩ። ኣብዚ እዋንዚ ልዕሊ 600 ሚልዮን ካብ ህዝቢ ኣፍሪቃ ቀረብ ኤለክትሪክ የብሉን። ብዘይ ጸዓት ምዕባለ ከመይ ገይርካ ክሕሰብ ይኽእል። እሞ ከኣ ምስ'ቲ ዓርሞሸሽ ዝኾነ ጸጋና ዕቑር ተሓዳሲ ጸዓት። ብሳልሳይ ደረጃ ክጠቐሶ ዝደሊ ዞባዊ ናይ ሓባር ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲ እዩ። ምኽንያቱ ናይ ብሓቂ ኢንዱስትርያውነት ዕዳጋ የድልዮ። ምስ ምዕባይ ዕዳጋ ምብዛሕ ፍርያት ይመጽእ። ምስ ምብዛሕ ፍርያት ከኣ ወጻኢታት ፍርያት ስለ ዝነድል ብኡ መጠን ዋጋ ናይቲ ፍርያት ኣብ ዕዳጋ ይንኪ ብቕዓቱ ይወሰኽ።

በዚ መሰረት ሓደስቲ ምህዞታት ይቀላቐሉ፡ ጸጋታትካ ብምሉእ ተጐሳጒሰ ኩሎም ረብሓታት ኢንዱስትርያውነት ከኣ እናዓበዩ ይኸዱ። እቲ ዝዓበየ ጸገም ሃገራት ኣፍሪቃ ዕዳጋኣን ጸቢብ ምዃኑ እዩ። ቱኒዝያ ሃገረይ ንኣብነት 11 ሚልዮን ኣህላኽቲ ኣለዉዋ። ዝሰፍሐ ዕዳጋ እንተ ዘይረኸባ ንኢንዱስትርያውነት መንገዲ ዝበሃል የብላን። እቲ ዝዓበየ ዕዳጋ ብዓለም ደረጃ እዩ። እንተኾነ ግን ምስ'ቶም ኣብ ጀርመን፡ ኣብ ጃፓን፡




ኣብ ቻይና ...ወዘተ ዝፈርዩ ክንወዳደር ስለ ዘይንኽእል እዚ ናይ ዓለም ዕዳጋ ደሓን ኩን ኢልናዮ ኢና። ብኸበቢና ደረጃ ዕዳጋ ክንፈጥር እንተ ክኢልና




ግን ብኡ መጠን ኢንዱስትርያውትና ክዕቢ ንኽእል ኢና።

እቲ ካልእ ረብሓ ምፍጣር ናይ ሓባር ዕዳጋ፡ ተመሳሳልነት ጸጋታትን ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብን እዩ። ኣፍሪቃ ኩሎም'ቶም ወሰንቲ ዝበሃሉ ማዕድናትን ብቑዕ ዓያዪ ጉልበትን ኣለዉዋ። ተሳኢኑ ዘሎ ብርግጽ እቲ ኣብና ከይዓበኽሐ ብጥንቃቐ ተታሒዙ ዘሎ ናይ ሰንዓ ቴክኖሎጂ እዩ። እዚ ቴክኖሎጂ ኣብ ኩለን ሃገራት ምዕራብን ካልኦት ብቑጠባ ዝማዕበላ ሃገራትን ይርከብ። ምስ'ዚ ቴክኖሎጂ ካብዘን ሃገራት ናብ ኣፍሪቃ ንምፍጣር እምበኣር ምስ መሳርሕቱይ "ጂኦፖለቲካዊ ትውጊት ናይዚ ዘመን" ኢልና ዝሰመናዮ ስትራተጂ ክንክተል የድሊ። እዚ ከኣ፡ ንኣብነት፡ 20፡ 30፡ 40 ሃገራት ዝኣባላቱ ናይ ሓባር ዕዳጋ ዘለዎ ዞባዊ ሕብረት ብምፍጣር እዩ ክረጋገጽ ዝኽእል። ከምዚ ዓይነት ዞባዊ ሕብረት፡ ከም'ቲ ክብ ኢለ ዝገለጽክዎ፡ ጂኦፖለቲካዊ ሓይልኻ ብምብራኽ ናይ ደገ ወፍሪ የተባብዕን ኢንዱስትርያውነት የዕዝዝን።

እዘን ብቴክኖሎጂ ዝማዕበላ ሃገራት ሰፊሕ ዕዳጋን ዓያዪ ጉልበትን ንምርካብ፡ ዕቑር ጸጋታት ኣፍሪቃ ብውሑስ መንገዲ ንምምዝማዘን ኣህጉራዊ ጂኦፖለቲካዊን ቁጠባውን ጽልዋአን ንምብራኽን ኣብ ኣፍሪቃ ከውፍራን ቴክኖሎጂ ከሰጋግራን ግድን ይኸውን። ንኣብነት ኣፍሪቃ ምስዚ ኩሉ ብዙሓ ህዝባ፡ ከባቢ 950 ሚልዮን፡ ዛጊት ዕዳጋ ናይ ቻይና ኣይኮነትን። ምኽንያቱ ህዝባ ናይ ምዕዳግ ዓቕሙ ትሑት ስለዝኾነ። ምስ ምትእትታው ኢንዱስትርያውነት ግን ናይ ምዕዳግ ዓቕሚ ህዝቢ ኣፍሪቃ ብኡ መጠን ስለ ዝዓቢ ኣፍሪቃ ቀዳመይቲ ዕዳጋ ናይ ቻይና ክትከውን ዘሎ ተኽእሎ ልዑል እዩ። ብዙሓ ህዝቢ ኣመሪካ፡ ኤውሮጳ፡ ኣውስትራልያን ጃፓንን ተደሚሩ ካብ ብዙሓ ህዝቢ ኣፍሪቃ ይውሕድ።

ስለዚ፡ ዞባዊ ሕብረት ብምፍጣር እዚ "ጂኦፖለቲካዊ ትውጊት ናይዚ ዘመን" ሒዝና ናብ ቻይና ምስ እንቕርብ ኣነ ርግጸኛ እየ ቻይና ዓይና ከም ዘይትሓስ። ምኽንያቱ ቻይና፡ ንኣብነት ትሕተ-ቅርጺ ተሓዳሲ ጸዓት ንምፍራይን ናብ ዕዳጋ ንምቕራብን ዘኽእል ቴክኖሎጂ ብሸርክነት መልክዕ እንተሂባትና ጥራይ፡ ኣብ ውሽጢ 10-15 ዓመት ፍርያታ ብዓለም ደረጃ ብዕጽፊ ክተዕቢ እያ።

ኣብ ውሽጢ 10-15 ዓመት ኣብ ዓለም ዘለዋ ጂኦፖለቲካዊ ሓይሊ ብዕጽፊ ክውሰኽ እዩ። ውሑስ መጻተዊ ናብ ክብሩ ማዕደናት ኣፍሪቃ ክትረክብ እያ። ብዓብኡ ምስ ምትእትታው ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ምዕባለ ሃገራት ኣፍሪቃ ግድን ስለዝኾነውን ቻይና ኣብ ዓለም ዝዓበየ ዕዳጋ ክትረክብ እያ። እዚ ትውጊት'ዚ ካልእ ቴክኖሎጂ ንምትእትታው ምስ ካልኦት ዝማዕበላ ሃገራት ክበዝሓሉ ይኽእል እዩ። ስለዚ ኣነ ምስ መሳርሕተይ ዝደፍኣሉ ዘለኹ ንቕሓት ህዝቢ ኣፍሪቃ በርኺ ዞባዊ ሕብረት ብምፍጣር ኣብ ዓለም ዘለና ጂኦፖለቲካዊ ቦታ ከም ዝበርኽ ምግባር እዩ።

**ይቕጽል**

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ናይ መድረኽ ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኩኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ገሉብ ደሓን |
| 14:25 | ፊልም ቻይና |
| 15:10 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:40 | መደብ ህርመት |
| 16:35 | ማህደር |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ደሕኑት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ኢድኣት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |


# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

## ዓንኬል ሓሳባት

ካልኣይ ክፋል

> “ኣእምሮና ኣብ ቦታኡን ኣብ ባዕሉን ገነት ናይ ሲኦል ወይ ሲኦል ናይ ገነት ክፈጥር ይኽእል እዩ።” - ጆን ሚልተን
> “እቲ ዝበለጸ ኣተሓሳስባ ኣብ እዋን ብሕትውና እዩ ዝቃላቐል። እቲ ዝኸፍአ ኣተሓሳስባ ድማ ኣብ እዋን ዕግርግር ይፍጠር።” - ቶማስ ኤዲሰን



ኣመለኻኽታታትናን እምንቶታትናን (ሓሳባትና ብፍላይ ከኣ ትጽቢታትና) ኣብ ህይወትና ዓቢ ጽልዋ ክህልዎም ይኽእል እዩ። እቶም ጽልዋታት ኣብ ኩሎም ሸነኻት ህይወትና እወታውያን ወይ ኣሉታውያን ክኾኑ ይኽእሉ። ዝኢ ኩላትና ንፈልጦ ንኸውን ኢና። የግዳስ ኣብ ህይወትና ኣብ ምትግባሩ ኢና እንሃኩር።

ሓደ ካብ ወሉዶትካ ወይ ዓርኩ መሓዛኻ፡ “ዝኢ ክሰርሖ ከቶ ኣይክእልን እየ” ወይ “ከም ዝፈሽል እፈልጥ እየ” ዝበል እንተ ደኣ ኺሂቡ፡ እንታይ ዓይነት ግብረ መልሲ ኢኻ እትህቦ? መብዛሕትና ትጽቢቱም ንኽልወጡ ኢና እነተባብዖም። እቲ ምንታይሲ፡ እቲ ንኽፈሽል ትጽቢት ዝሃብር ሰብ ናይ ምዕዋት ዕድሉ ምሒር ለጠቕ ከም ዝበለ ንፈልጥ ኢና።

ንሓንቲ ለይቲ እውን ድቃስ ኣብዩካ ቀጨወጨው ክትብል እንተ ሓዲርካ፡ ንጽባሒቱ ጽቡቕ መዓልቲ ክትውዕል ትጽቢት ኣይትገብርን ኢኻ። ኮነት ኣእምሮኻ ምሉእ ብምሉእ ክዘረግ ይኽእል። ኣካላትካ ከቃራጥመካ ይኽእል። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ስራሕካ ከም ቀደምካ ኣብ ምድማዕ ትጽገም። ነታ መዓልቲ ትኸስራ ከም ዘለኻ ምስ ተገንዘብካ፡ መሊስካ ትጭነቕ።

ኣብ እዚ መዳይ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘጽረዮ፡ ተመኩሮና ዳርጋ ምሉእ ብምሉእ ወጽኢት ትጽቢታትና ምዃኑ እዩ ኣነጺሩ። እዚ ንጌና ከርርመና ይኽእል እዩ።

ኣብ ካልኦት ኣብነታት፡ ከም ኣብ ምዝኻር ኣሶማት ሰባት ወይ ኣቐዲምካ ንዝሓለፍካዮም ጉድናታት ኣብ ምዝኻር፡ ኣሉታውያን ትጽቢታት ዘለዎም ተራ ብቐሊል ዝሕለፍ ኣይኮነን። “ኣነ እኮ ኣብ ምዝካር ኣሶማት ንፉዕ ኣይኮንኩን። ኣነ እኮ ኣቐዲመ ንዝርኣኹዎም ጉድናታት ኣብ ምዝካር ንፉዕ ኣይኮንኩን። ...” ምባል ተዘውትር እንተ ኴንካ፡ ኣብ ክእለትካ ዘዩድሲ ሻቕሎት እዩ ዝፈጥር። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ኣእምሮኻ ቀሊል ዘይብሃል ዕንወት ይስዕብ። ብኣኡ ኣቢሉ ዓቕሚ ኣእምሮና ይንኪ።

እዚ ንዓወት ጽቡቕ ቀመር ኣይኮነን። እቲ ምንታይሲ፡ ኣብ ሓደ ነገር ዕውታት ከም ዘይኮንና ገይርና ንዝእ ርእስና እንተ ደኣ ኣእሚንናዮ፡ ነቲ ነገር ኣሸንኳይዶ ክንዕውተሉ፡ ብሰሩ እውን ዘይክንፍትኖ ንኸውን ኢና። ዋላ እንተ ፈተንናዮ፡ ወጽኢትና ሕማቕ ከም ዝኸውን ከቶ ዘጠራጥር የብሉን።

መብዛሕትና ንኣሉታውያን ትጽቢታትና ጽቡቕ ገይርና ስለ ዘይንቈጻጸሮም፡ ቀጻሊ ኢና ንህይወትና እኽንዖም ዘለና። መብዛሕትኡ ግዜ ደይመደይ ኢልና ኣይኮንናን ከምዚ እንገብር። ከይተፈለጠና ኢና ንኣሉታውያን ትጽቢታትና ብምስሳይ፡ ናብ ዕንወት ህይወትና እናምርሕ ዘለና።

ዝተፈላለዩ ሰፋሕቲን ዓመቕትን መጽናዕቲታት ከም ዘረጋገጽዎ፡ ደቂ ሰብ ናብ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ምዝንባል ዘማዕበልናዮ ኣተሓሳስባ ካብ ነዊሕ እዋን ብፍልቀታዊ መዳይ ዝተኣታተናዮ እዩ። ኣእምሮናን ኣካልናን ኩሉ ሻብ ኣብ መዳይ ህላወና ምስ ተሰበሎም እዩ። ምእንቲ እዚ፡ ከይተፈለጠና ብመሰረት እቶም እተኽሎ ተመኩሮታትናን ህሉው ሓበሬታትናን መጻኢና እንታይ ክኸውን ከም ዝኽእል ናብ ምትንባይ ንሃንደድ።

እቲ ጸገም እምበኣር፡ እተኽሎ ተመኩሮታት መብዛሕትኡ ግዜ ተዛመድቲ ስለ ዘይኮኑ እዮም። ህሉው ሓበሬታ ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ድኑት እዩ። ከንዲ ዝኾነ፡ ኣብ ረዓምትና፡ ምህሮና ወይ ኮነታትና ኣብ ምልዋጥ ብዙሕ ኣብርክቶ ኣይህልዎምን። ትንበታትና ወይ ትጽቢታትና እምበኣር፡ ኣብ ክውንነት ወይ ኣብ ናትና ዝበለጸ ረብሓ ዘይተመስረተ ክኾውን ይኽእል እዩ።

እምበኣር ደኣ ብኸመይ ኢና ነቲ ናይ ብሓቂ እንኣምኖ ወይ ብዙሓ ግዜ ርእስና ዘለና ትጽቢት ክንልውጦ እንኽእል?

ዶክተር ጀም ለዋር ሓደ ካብ እቶም ዓለምና ዘርኣዩዎም በሉሒቲ ሊቃውንቲ ስነ ልቦና እዩ። ንሱ፡ “ጽሒፈት ኣደና ኣብ ናይ ስነ መትናዊ ተግባራት ዓቢ ጽልዋ ክህልዎም ይኽእል እዩ። ንመትንኣዊ መርበብና ኣብ ምህናጽን ምልዋጥን ካብ ካልኦት ክእለታት ዘለዉና ንላዕሊ ዓቕሚ ኣለና። ብርዒ ወይ ርሳስ ክትጽሕፍ እንከለኻ ኣብ ጭዋዳታት ኢድካ ዘጋጥም ምንቅስቓስ ኣብ ኣምሮኻ ንነዊሕ እዋን ክጸንሕ ዝኽእል ቀዋሚ ኣብ ምውቃር ዓቢ እጃም ኣለዎ።” ኣብ ዝበል መደምደምታ እዩ በጺሑ። ምእንቲ እዚ፡ ንናይ ኢድ ጽሒፈትና ከቶ ዕሽሽ ክንብሎ ኣይግባእን።

ብመሰረት ዶክተር ጀም ለዋር፡ ነቶም እንጽሕፎም ዛንታታት ብዙተኻእለና መጠን ብኢድና እንተ ጽሓፍናዮም ተመራጺ እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ካብ ዝኸርና ንዝመጽኡና ሓሳባት ኣብ ወረቐት ክንሰፍሮም ከም ዝግባእ ይመኽረና። ብድሕሪ እዚ፡ ነቶም ዝጸሓፍናዮም ብዓውታ እንተ ኣንቢብናዮም ተመራጺ እዩ።

ነቲ ዝጸሓፍካዮ ዛንታ ብዓውታ ከተንብቦ እንከለኻ ኣብ ሞባይልካ እንተ ቐሪጽካዮ፡ እቲ እትረኽቦ ወጽኢት ዝዓዘዘ ይኸውን። ምኽንያቱ፡ ደገምካ ክትሰምዖ እንከለኻ ዝያዳ እዩ ኣብ ኣእምሮኻ ንዊሕ እዋን ዝውቀር። እዚ፡ ንገዛእ ርእስኻ ባዕልኻ ከም ምስልጣን እዩ ዝቖጽር። እዚ ሜላ ኑየም ኣብ ኣእምሮና ዝርከቡ ሓያላት ሓደስቲ መትናውያን መርበባት ብዙሮፖኡ የበራብሮም።



## ንሕናን ዛንታናን

ኣቐዲምና ብዙሓ ምዝኮር ኣሶማት ከም ኣብነት ኣልዒልና ነይርና። እቲ ሓደሽ ዛንታና እምበኣር ከም እዚ ዝስዕብ ክኸውን ይኽእል እዩ “ኣነ ብልዑል ርእሰ ተኣማንነት ንኣሶማት ካልኦት ሰባት ክዝክር እኽእል እየ። ንዓይ ንኣሶማት ሰባት ምዝካር፡ ልዑል ባህታ እዩ ዝፈጥረለይ። እቲ ምንታይሲ፡ ኣሶማት ሰባት ምዝካር ዓቢ ትርጉም እዩ ዘለዎ።

“ስም ሓደ ሰብ እንተ ደኣ ረሲዕ እቲ ሰብ ስሙ ንኽዘኻኽረኒ ብቐንዕናን ብምቕሉልነትን ዳግማይ እወክሶ። ስሙ ምስ ነገረኒ ኸኣ፡ ኣመና እሕጉስ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ዳግማይ ስሙ ከየርስዕ ልዑል ጥንቃቐ እገብር። ንናይ ካልኦት ኣሶማት ናይ ምዝካር ክእለተይ ስለ ዝሰሓልክዎ፡ ዝያዳ ባህታ ይፈጥረለይ። ምስ ግዜ ድማ ነቲ ኣሶማት ናይ ምዝካር ክእለተይ ቀጻሊ ኣመሓይሾ። ብኣኡ መጠን ኣእምሮይ ስለ ዝበልሐ፡ ዝያዳ ኣሶማት ሰባት ክዝክር ዓቕሚ ኣኻዕቢተ።”

እቲ ሓሳብ ውሓዚ ዛንታ ምስ ገዛእ ርእስኻ ብምህናጽ፡ ርእሰ ተኣማንነትን ጸኑዕ እምንቶን ምህናጽ እዩ። ዶክተር ጀም ለዋር ንነዊሕ ዓመታት ምርምር ብምኽያድ፡ ሓበሬታታት ብምእካብን ልምምዳት ብምኽያድን “ሕመማት ዓማዊለይ ዘደንጹ ዓወት ኣብ መዳይ ምልዋጥ ዛንታታት ብዙሓ ገዛእ ርእሶም ኣንጸባሪቖም እዮም።” ኢሉ።

እቲ ጽቡቕ ሰሚዕ ዝዛንታታትና ክንልውጥ እንኽእል ምዃና እዩ። ብርግጽ፡ ንትጽቢታትና ምምዕርራይ ንኹሎም ጸገማትና ኣይፈትሖምን እዩ። ነቲ ሊቃውንቲ ስነ ልቦና፡ ‘ስጊንጠርት ትጽቢታት’ ዝብልዎ ድማ ብዮዝበእ ክቕልበሉ ይግባእ። ዘይክውንነታውያን ትጽቢታት ዘይተደልዩ ጸቕጢታትን ጸቕጢታትን ክፈጥሩ ይኽእሉ። ትጽቢታትና ክፈሽሉ እንከለዉ ኸኣ፡ ርእሰ ዕንወት ክስዕቡ ዝኽእሉ ሓሳባት ከመንጭዉ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ እዚኣ ነጥቢ ደው ኢልካ ንገዛእ ርእስኻ እስከ ሕተታ፥

- ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ዓው ኢልካ እተደግሞም ሰለስተ እወታውያን ትጽቢታትካ ኣየኖት እዮም?
- ኣብ እዚ ግዜ እዚ ርእይቶታት እምበር፡ ምናልባት ጭብጥታት ክኾኑ ስለ ዘይክእሉ ከተመዓራርዮም መደብ ዘለካ ትጽቢታትካ (እምንቶታትካ) ኣየኖት እዮም?
- ኣብ እዚ ግዜ እዚ ብቐዳምነት ኣብ ህይወትካ ክትልውጦ ትጽቢት ዘለካ ኣጉዳሲ ቀዋሚ እንታይ እዩ?

ሓይሊ ሓሳባት ቀሊል ከም ዘይኮነ ተደጋጊሙ ተገሊጹ እዩ። ሰባት ንሓሳባት ዝያዳ እናስተማቕርዎም፡ ምስ ውልቃዊ ህይወትና ዝያዳ እተኣሳሰረ ትርጉም ክህልዎም እንክሎ እዩ። የግዳስ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሓሳባት ኣድህቦ ከም ዝሓትቱ ክንግንዘብ ይግባእ።

ገሌና ኣብ ሓሳባት ክንጥሕል እንከለና፡ ካብ ግዳማዊ ዓለም ንግዚኡ ንግለል ኢና። ኣብ ዓሚቝ ሓሳባት ክንሸመም እንከለና፡ ዓሚቝ ምርምር ኢና እነካይድ። እዚ ከም ቀንዲ መለለዪ ወይ ብልጫ ደቂ ሰብ ክወሰድ ይኽኣል እዩ።

ብርግጽ ብዙሓት ፍጡራት እተራቐቑ ተገንዝቦኣዊ (cognitive) ክእለት ከም ዘውንኡ ብርክት ዝበሉ መጽናዕቲታት ኣረጋጊጸምዎ ኣለው። ንኣብነት ራይቭን ተባሂሉ ዝፍለጥ ንኣ፝ኽ ዝመስል ዓይነት ዑፍ፡ መግቡ ክሓብእ እንከሎ ካልኦት ኣዕዋፍ እንተ ደኣ ርእዮምዎ፡ ነቲ መግቢ ካብ እቲ ኣቐዲሙ ዝሓብኦ ቦታ ኣውጺኡ፡ ኣብ ካልእ ዘይፍለጥ ቦታ ኣብ ምሕባእ ኣይሰንፍን እዩ። ኣቡሰለማ (ዶልፊን) ንሓደ ዝረኣዩዎ ካልእ ዶልፊን ብድሕሪ ነዊሕ ዓመታት እንተ ረኺቦምዎ ክዝክርዎ ጸገም የብሎምን።

ኣብ እዚ ክስተውዕሉ ዝግባእ ኣገዳሲ ነጥቢ ኣሎ። ካብ ደቂ ሰብ ወጻኢ ንነውሕ ዝበለ ግዜ ኣብ ሓሳብ ብምጥሓል ካብ ግዳማዊ ዓለም ክርሕቕ ደሊት ዘለዎ ዋላ ሓደ ፍጡር የለን። ካልኦት እንስሳታት ኣብ ሓሳብ ጥሒሎም ንግዳማዊ ዓለም ዕሽሽ እንተ ደኣ ኢሎምዎ፡ ጉዳይ ዘይተጸበይዎ ሓደጋ ከም ዝኸውን ርዱእ ነገር እዩ። ከንዲ ዝኾነ፡ ኣብ ከበቢኦም ወትሩ ንቑሓት ኮይኖም ክከታተሉ ይግደዱ።

ደቂ ሰብ እምበኣር፡ ካብ ኣእምሮና ብምንስሓብ ንግዳማዊ ዓለም ዋላ ንግዚኡ ይኸሩን ኣብ ምርሳዕ ልዑል ክእለት እዩ ዘለና። ቅድሚ ኣስታት 2000 ዓመታት እቲ ሃጸይ ሮማን ፍሉጥ ፈላስፋን ዝነበረ ማርከስ ኣውረልየስ፡ “ደቂ ሰብ ኣብ ሓሳብትና ጥሒልና ካብ ግዳማዊ ዓለም ብምፍላይ፡ ውሽጣዊ ሰላም ክነስተማቕር ይግባእ። ብዙሕ ጽቡቕ ነገር ተማሂርና ድማ ካብ ረብሓ ናጻ ክንከውን ንኽእል ኢና።” ክብል ምሂሩ ነይሩ።

ሊቃውንቲ ስነ ሰብ ብወገኖም፡ “ደቂ ሰብ ኣብ ብሕትው ዝበለ ቦታ ኮፍ ክንብል እንከለና፡ ምስ ገዛእ ሓሳባትና ብዙሮፖእ እሂን ምሂን ናይ ምብህሃል ጽቡቕ ዕድል ንረክብ።” በሃልቲ እዮም።

ኣብ ከምኡ ዝኣመሰለ ግዜ ሸቶታት ደቂ ሰብ እንታይ እዮም? ዝበል ሕቶ ክስዕብ ይኽእል እዩ። ዝ ሕቶ ንምምላስ ንብርክት ዝበሉ ረብሓታት ንቑሓት ደቂ ሰብ እንኽላይ ንብርክት ዝበሉ ሓበሬታት ካብ ማእለያ ዘይብሎም ምንጮታት ምውህሃድ፡ ምውጣኑ ንህሉዊ ኣንፈት ምትሓዙ፡ ማሕበራዊ ርክብ ምድንፋዕ ከምኡ እውን ንቐጸብታውያን ግብረ መልሲታት ምምላኽ ኣብ ግምት ምእታው ይሓትት።

ባህታ ምእላሽን ቃንዛ ምውጋድን ሓደ ካብ እቶም ዝሓየሉ ደርኺት ደቂ ሰብ እዮም። ከንዲ ዝኾነ፡ ኮነት ኣእምሮና ንኽስሕብሓይሽ ወይ ጸቕጥና ንምንካይ ኣብ ዕላማና ንቑሕ ኣተሓሳስባ ክህልወና ርትዓዊ እዩ።

ሰባት ሰራሕ ውሑዳትና ክስልኩየና እንክሎ፡ ካብ ከምኡ ኮነታት ዘናግፈና ዓቢ ህያብ ኣለና። ንሱ ኸኣ ኣእምሮና እዩ። ኣብ ሕሉፍ ግዜ ዘስተማቐርናዮ ባህታ ካብ ዝኽሪ ኣእምሮና እናመዝሓቕና፡ ከምስ ክንብል ኣይእግመናን እዩ። ኣብ መጻኢ ኪጋጥመና ዝኽእሉ ነገራት ናብ ሰእለ ኣእምሮና ብምስሓብ፡ ከስተንትነን ዓቕሚ ኣለና። ኣብ ፋንታዚያታት ጥሒልና ክንትንትን ተወሂቡ ኣለና። ንሓሳባትና ብዝተፈላለዩ ኩርናዓት እናኣጋማዓሕና፡ ክንዛናጋዕ ፍሉይ ብቕዓት ኣለና።

> “ኣእምሮና ካብ ሰማይ ንላዕሊ ይሰፍሕ።” - ኤሚሊ ዲክንሰን
> “ነፍሲ ወከፍ ሰብ ሓደ ዓይነት ይሓስብ እንተ ደኣ ሃልዩ ገለ ሰባት ኣይሓስቡን ኣለዉ ማለት እዩ።” - ጆርጅ ፓተን

ይቕጽል

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## “ፍቕርና ኣኺሉ ይተርፈና’ዩ”

10 ነሓሰ

*9:30 ድ.ቐ.*

ቅናት ኣደይ ማርያም ንሰማይ መዳልያ ሰሊሙዎ ይርእየኒ ኣሎ። ኣብቲ መዳልያ ኸኣ ምስልኻ ዝተወቐረ ኩይኑ ግዲ ተሰሚዑኒ ትም ኢለ እጥምተካ ኣለኹ። ናብ ምብራቕ መሓዛይ ኢለ ምስ ወጻእኩ’የ። ጥዑይ ክዳን እኳ ኣይገበርኩን። ንምብራቕ ኢለ ዝሓተማላእኩወን ቁሎመሎ ሒዘ፡ እታ ትፈትዋ ናይ ገዛ ቱታ ክዳነይ፡ ንስኻ ዘይረኣኻያ ‘ስካፍ’ ኣብ ክሳደይ ኣሲረ ኣለኹ። ምብራቕ ገዛ ኣይጸንሓትንን። ንገዛ ክምለስ ኣይደለኹን። ንስኻ ኣብ ዝኽረይ እንተ መጺእካ በይነይ ክኸውን’ዩ ዝፍተወኒ። ከመይ ኢለ ዘኪረካ ገሚትካዶ? ብርግጽ ከም እትዝክራ ርግጸኛ እየ።

ኣብቲ መጀመርታ ዝተላለናሉ ቅንያት’ዩ። ኣነ ከምታ ትፈልጠኒ ሓፋር ስለ ዝነበርኩ፡ ብዘይ ምብራቕ ኣይዛወርን እየ ዝነበርኩ። በይነይ ክመጽኣካ እንከለኹ “ቦርሳኺኸ ደኣ?” ክትብለኒ ዘኪረዮ። ክትስድድ መዓት እንዲኻ!። ንፈለማ ግዜ ምብራቕ ዘይብሉ ሻሂ ዝሰተናሉ፡ ካብ ግዜና እቲ ኣዚና ዝተሓጐስናሉ መዓልቲ’ዩ። ንሓድሽ ህይወትና መጀመርታ መዓልቲ እያ። ኣዕልል ኣምሲና። ጥዑም ዕላል። ዝበልካኒ ትዝክሮዶ፤

“እሞ ብዙሕ ምባል የድልየኒ ድዩ?”

“ብዛዕባ ምንታይ?”

“ብዛዕባ እዚ ንኽልተና ዘሰመዓና ዘሎ?” ቀኒንካ ደኒነ ንዝኸወልኩወን ኣዒንተይ ክትርኢ እናተቓለስካ።

“እንታይ ይስምዓና ኣሎ ድዩ?”

“እምበኣር ዘስመዓናስ የለን!? ትማሊ እንታይ ኴንኪ ገዛ ምስ ኣተኺ ደዊልክለይ?”

“ማራ መስዩ ስለ ዝነበረ ብሰላም እንተ ኣቲኻ ከረጋግጽ ኢለ። እዚ እሞ እንታይ?”

“ሻቕሎት! ስለ ዝተሻቐልክለይ ደዊልኪ።”

“ንስኻስ ተቛጺርና ከነብቅዕ ቅድሚ ፍርቂ ሰዓት ቁጸራና ትብገስ ምህላውካ ክትነገረኒ ደኣ እንታይ ኴንካ ደዊልካ?”

“እሞ ዘይንሱ እንታይ ኣዛርበኒ ኣሎ። … ኣይትስሓቒ’ሞ! ሓቀይ እየ ዘሳቕየና ግዜ ኣይንወስኽ። ሕጂ’ውን ብዙሕ ምዝራብ የድልየና ድዩ?”

“ብዛዕባ እንታይ?”

“እውይ ኣቲ ጓል… ጸወታ ሕልሚ ደርሆ ከይጸገብኪ ዲኺ ዓቢኺ? ብጥሪኣ ዘይበልክዋ ዲኺ ደሊኺ?”

“እሞ ዘይትብላ… እንታይ ይሕዘካ ኣሎ?”

“እሞ… እሞ… እሞ… ክትብሊ’ኮ…። እሞ በሊ እፈትወኪ እየ። ከም ትፈትውኒ ኸኣ እፈልጥ እየ። እንታይ ደኣ ሕጂ ትም ኢልኪ…።”

ካብቲ ካፈ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዝና ክንወጽእ እንከለና ይፍለጠኒ ኣይነበረን። ነቲ ዝተባሃልናዮ ከኹምስዕ ንኸባቢያይ እዝኒ ኣይሃብክዎን። ብዘይ ምብራቕ ናብ ገዛ ስለ ዘይኣቱ ናብ እንዳ ምብራቕ ገዛ ኢና ብእግርና ተጓዒዝና። ኣእዳውና እንታይ ይኹና ኣለዋ ኣይንፈልጦን ኔርና። ሕንከተይ ሕንከትካ በብሓደ ጠፊኡ።

“ኣብ ህይወተይ ዝዓበየ ዝተመነኽዎ ነገር ኣሎ። ኣዝየ ዘፍቅራ ብጸይቲ ክትህሉወኒ፣ ንሳ ኸኣ ዝያዳይ ተፍቅረኒ ክትከውን እምነ ነይረ…።”

“ነይረ፡” ኩሊፈካ።

“ሕጂ ኣብዚ መዓልቲ ትምኒተይ እንዲዩ ሰሚሩለይ። ደጊም ታሪኽ ስለ ዝኾነ ‘ነይሩ’ መጠኑ’ዩ፡” ኢልካኒ። ልበይ ክንድኡ ሓጐስ ክመልእ ንመጀመርታ ግዜ እዩ። ጥብቕ ኢለ ክሓቑፈካ ኣይተረድኣንን። ከምቲ ዝሓሰቦ’ዩ ሓሳብካ፣ ከምቲ ዝምነዮ እዩ ትምኒትካ፣ ከምቲ ዝደልዮ’ዩ ድልየትካ። እቲ ዝኸውን ምሳኻ ክኾነለይ ቅኑዕ ኩይኑ ተሰሚዑኒ።

ኣፍደገ እንዳ ምብራቕ በጺሕና። ክንደይ ግዜ ክንፈላለ “እሞ…” ኢልና ግን ኣይተፈላለናን። ጸጺኒሕካ ምራቕካ ክትውሕጥ እንከለኻ እንታይ ከም ዝሓሰብካ ይርድኣኒ ነይሩ። ግና ባዕልኻ ክትጅምር’ዩ ዘምሕር ነይሩ። ክኸይድ ዝግብኣኒ ተጸብየካ! ተጸብየካ! ተጸብየካ!። መወዳእታኡ ግን ፍርሒ ስዒርካዮ ስሕብ ኣቢልካ ስዒምካኒ። ስዕሞኻ መደንዘዚ እዩ። ንመጀመርታ ግዜ’የ ወዲ ስዒመ። እሞ ኸኣ እቲ ኣዝየ ዘፍቅሮ ወዲ፣ ናይ ፈለማ ፍቕረይ። ኣብ መሬት ረጊጸ ከም ዘለኹ ካባይ ፍንትት ምስ በልካ’የ ፈሊጠ። ንስኻ’ውን ዝገበርካዮ ክትኣምኖ ከም ዘይከኣልካ እርኢ ነይረ። ናብ ምብራቕ እናኸኸይድ እታ ናይታ መዓልቲ ምስክርና ዝነበረት ዓንዲ ኤለክትሪክ ሕሹኹ ኢላ ኩሉ ተዘክረኒ። ናብ ምብራቕ ሓሲበ ዝመጻእኩ ናብ በረኻ በይነይ ዝኸደሉ ግዜ ኣደኡ ትቖጽሮ።

ማራ ናፊቐካ ኣለኹ። ኣይከኣልኩን በጃኻ! “ኩሉ ግዜ ተራር ክትኩኒ’የ ዝደሊ፡” ትብለኒ ዝነበርካ ከምዚ ሕጂ ናፍቖት ምኽኣል ምስ ሰኣንኩ’የ ዝዝክሮ። ክንድ’ዚ ክትፍለ ምኺንካ ካብ ፈለማ ትፈልጥ ኔርካ ማለት’ዩ። እታ መዓሙቓን መሸጉራጉራን ዝፈልጣ ዝመስለኒ ዝነበረ ልብኻ ነዚ ኣበይ ደቢቓቶ ነይራ።

ኣንታ ንስኻ ኣይትናፍቐን ዲኻ? ከማይ ክንራኸብ ኣይትደልን ዲኻ? ዝሓለፈ ከርተት ይኣክል፣ እቲ ቤትና መሊኡ ዘፈስስ ፍቕርና ኣኺሉ ይተርፈና’ዩ። ተመለስ! በጃኻ ተመለስ። ደጊም ካብ ጉድነይ ኣይትርሓቕ። ይቖርር ኣለኹ ድራር ዓይነይ! ምሸት-ምሸት ብኣኻ ከይሓሰብኩ ዝደቀስኩላ መዓልቲ የላን። መዓልቲ ብጩራ ወጋሕታ ክትጅምር እንከላ ኣብ ደረትካ ተተርኢሰ፡ ሸምጥኻ ሓቝፈ ዘለኹ ኩይኑ ይስመዓኒ። ሃሰስ ምስ በልኩ ግን ዘየለኻ ትጸንሕ። ገና መዓልቲ ኣሃዱ ከይበለ ኸኣ እናፍቐካ! ብኣኻ ክሓስብ እውዕል! ብኣኻ ክሓስብ ኣምሲ። መግቢ ናፍቖት ጥራይ ኩይኑ። በጃኻ ተመለስ! እቖርር ኣለኹ።

**ውህበት ተስፋይ**



## ቅለት ህይወት

*23 ሕዳር 2015*

*08:37 ድ.ቐ.*

ህይወተይ እናኣድነቕኩ’የ ዝኸይድ። ንሎሚ ዘማርረላ ግዜ ሳሕቲ እዩ። ሰብ ንጽባሕ ከጸብቕ መዓልትን ለይትን ይጽዕር እዩ። ካብ ሎሚ ዝሓሸት ጽባሕ ክትህሉ ስለ ዝብህግ። ንሓደ ሰብ፡ ሰብ ዝገብሮ ጻዕሩ እዩ። ሰብ ክንከውን ንድፋእ ከምኡ ኴንና ኢና። ክሕበን እንተ ኾይኑ ኸኣ ብጻዕሩ’ዩ ዝሕበን። መዓልታዊ ጻዕረይ በታ ኣማስየ ዝረኽባ ንእሸተይ ሓጐስ እያ ትዝርዝር። ኣብ መዓልቲ እጽዕር፡ እበልዕን እሰትን፡ አዕርፍን እዘናግዕን። ናይ መዓልቲ ዕማመይ እዚኣን እየን። ሎሚ ሕጉስ እንተ ዘይሃልየ ጽባሕ ከም ዘይሕጐስ እየ ዝኣምን። ህይወት ወዲ-ሰብ እንታይ ትኸውን ኣይትፍለጥን ትኸውን እያ። ጻዕርን ከልበትበትን - ከም መርገም ይወሰድ ከም ጸጋ ብዘየገድስ - መካይድታ እዩ። ንጻዕርን ከልበትበትን ከም ቅቡል እንተ ዘይወሲደዮ ክጽለል ጥራይ’የ። ከልበትበት ምባል ናተይ መገዲ ህይወት ገይረ’የ ዝወሰዶ። ካብታ ኣብ መዓልቲ ዘእቱዋ 100 ከመይ ኢለ ይሓልፍ ኢለ እሓስብ እየ፣ ግን ኣይጭነቕን እየ። ንግዜን ኵነታትን ጐሪሐ ክርእዮም እንተ ኽኢለ ጥራይ ክዕወት ምኻኣነይ’የ ዝኣምን። እዝን ወዲ ከምዝን እምነት ካብቲ በይነይ ዝተጓዓዝክዋ ዕድመይ ዘምጻእክዎ እዩ። ነዚ እምነት ሒዘ ናብ ብጾተይ፡ መሓዙተይን ፈለጥተይን እቐርብ።

“ንስኻ … ፍጹም ኣብዚ ግዜ የለኻን፡” ኢላትኒ ዳህላክ ትማሊ። ኣብዚ ግዜ የለኹን ድየ? ንምንታይ ከምኡ ኢላትኒ ናተይ ግምት’ኳ እንተ’ለኒ “ኣለኹ! ብዓጀባ እምበር!” ኢለ ጥራይ መሊሰላ። ሓሳባት ኣብ ርእሳ ዕንክሊል እናበለ ሸንኩለል የብላ ይህሉ እዩ። ምሉእ መዓልቲ፡ ከማይ፡ ኣብ ስራሕ ደኣ ኣይትውዓል እምበር፡ ዝዓቕማስ ትሰርሕ እያ። ትርፊ ትረኽቦ ገንዘብ የብላን። ግን ንስድራኣ ጽላል ኩይና ትኸይድ ኣላ። ኣብተን ንራኽበለን እዋናት ዝበዝሐ ዕላልና ዋዛን ስሓቕን እዩ። ቡን ተቖልያ ክሳብ ትልቕለቕ ብስሓቕ ኢና እነሕልፎ። ቡን ተወዲኣ ካብ ገዛ ምስ ወጻእና ግን፡ ምስቲ ፈሸፈሽታ ንፋሳት - እቲ ሎሚ ቍምነገር ዝሕሰብ ዕላል ምስ ጭንቁ ይመጽእ።

ኣነ ህይወተይ ኣቕሊለ ክርእያ እየ ዝደሊ። ከም ሓሳበይ ከኣ ቀሊል ህይወት’የ ዝመርሕ። እቲ ንዓኣ ዘጨንቕ ንዓይ ከጨንቐኒ ኣይትርእዮን እያ። መጀመርታ እቲ ኣነ ዝኣምኖ እናኣምጻእኩ ከህድኣ እፍትን ነይረ። ግን ከምቲ ኣነ ዝነብሮ ክትነብር ኣዝዩ የፍርሓ። ህይወታ ምስተን ዘርሓቓ መሓዙታ ኣብ ጽባሕ ኩይና ተወዳድራ። ኣነ ኸኣ እዚኣ ጸላእኩ። ምስ ሰብ ምውድዳር ኣይፈቱን እየ። ሰብ ቅድም ምስ ነብሱ ክወዳደር እዩ ዘለዎ። ሰብ ምስ ነብሱ ዝወዳደር እንተ ኾይኑ’ዩ ካብ ዓወት ናብ ዓወት፣ ካብ ብልጽግና ናብ ብልጽግና ክዘልል ዝነብር። ነብሰይ ምስ ዳህላክ ኣወዳድራ እንተ ደኣ ሃልየ፡ ንዳህላክ ብሓንቲ ስድሪ ምስ ሓለፍክዋ መወዳእታ ዓለም ዝበጻሕኩ ክመስለኒ ድዩ? ሰብ ክገብሮ ዘይክእል ነገር ከም ዘየለ ዓለምን ታሪኽናን ምሂሩና እዩ። ከምቲ ብርሃን ጸሓይ ዘይውዳእ፡ ዓቕሚ ሓደ ሰብ’ውን ተቐዲሑ ክውዳእ ኣይክእል እዩ። ትማሊ ዘሰራሕክዎ ኩሉ ግዜ ከም ሚኒማ መበገሲየይ እየ ዝቖጽሮ። ሎሚ ካብ ትማሊ ከም ትሓይሽ ክገብራ እቃለስ። እንተ ዘይተኻእለ ከምታ ናይ ትማሊ። ኪንዮኡ እንተ ወረድኩ’ውን ሰብ እንድየ … ደጊመ ናብታ ዝወደቕኩላ ክሓኵር’የ። ምንባር ከምኡ’ዩ!

“ምንባር፡ ሸውዓተ ግዜ ወዲቕካ ሸሞንተ ግዜ ምትንሳእ፡” - ኣ.ኣ.

**ምሉእ ተስፋይ**

## ሃንቀውታይ ሰሚሩ

*10ሕዳር2016*



መሳኒተይ ሎምስ ተደቢሰ ከምቲ ንስኺ ትጽቢት ትጽቢት ኮይኑ ከይበንን’ሞ ፍቕረይ ከይትሰብሪ ትፈርሕሉ ዝነበርኪ ግዝያት ኣነ’ውን ካብ ናትኪ ሰማዒት ብዘይፍለ ቃንዛ ፍቕሪ’ዩ ነይሩኒ። ልዋመይ ደባሲት ልበይ፡ ስግኣተይ ስግኣት ኮይኑ ከም ዘይተርፍ ጌርክየ። ነዚ ኣነ ዘለኽዎ ርሕቀት ቦታ ገሚተ ተስፋ ዝቖረጽኩሉ ግዜ ብዘይ ሓሰብክዎ መገዲ ልዋመይ ኣእዳውኪ ዘርጊሕኪ “መርሓባ” ምስ በልክኒ ሕልሚ እምበር ጋህዲስ ኣይበልኩን። ልዋመይ ግን ኣግሂድክየ። ኣብ ሕቑፊኺ ምስ ማመቕኩ በተን ልስሉሳት ኣእዳውኪ ምስ ተዳህሰስኩ፡ በተን ከም ሰፈር ንህቢ ወለላ ዝብርብራ ከናፍርኪ ናይ ሓጐስ ቃላትኪ ምስ ሰማዕኩ እቲ ካናሪ ድምጽኺ ነእዛነይ ምስ ኳሕኩሐ ሸዑ ሕቅነቱ ከረጋግጽ ኣዒንተይ ቋሕ ሰም ኣበልክወን። ልዋመይ ጽላሎት ዘይኩንኪ ጽላለይ ኴንኪ ጸኒሕክኒ። ልዋመይ “ሕልሚ ድዩ ጋህዲ?” ብዓውታ ምስ ኣድመጽኩ።

“ዝያዳይ ንስኻ እቲ እንኮ ልበይ ዝሓረዮ ፍጡር ኢኻ። እቶም ሓደ ንምኳን ልቢ ንልቢ ዝተዋሃሃቡ ፍጡራት ከመይ ጌሮም እዮም’ሞ ተነጻጺሎም ክነብሩ ስለ ዘይከኣል’የ ድማ ቅኑዕ ውሳነ ዝወሰንኩ። ዝተረፈ ህይወተይ ኣብ ሕቑፎኺ ማሚቼ ምሳኻ ከሕልፎ፡” በለትኒ። ከምቲ ልሙድ ኣዒንቲ ብምንቅዕራር ጸሎታ እናዕረገት እታ ደባሲት ልበይ ልዋመይ!።

**ፌ.ተ.**

# ኣንክሮ

ማርታ ክብሮም

## ፈርኦናት ግብጺ

ፈርኦናት፡ ነገስታት ጥንታዊት ግብጺ ዝነበሩ ኮይኖም፡ ኣብ ሃይማኖትን ፖለቲካን እታ ሃገር ላዕለዋይ ኣድ ዝነበሮም እዮም። ፈርኦን ማለት 'ዓቢ ገዛ' ማለት እዩ፡ እዚ ስም ነቲ ነገስታት (ፈርኦናት) ዝቕመጡሉ ዓቢ ገዛ ንምምልካት እዩ። ፈርኦናት ኣብ መንጎ ኣማልኽቶምን ህዝቦምን ከም መንጎኛታት ኮይኖም ዘገልግሉ ይሕሰቡ ብምንባሮም ፍሉይ ክብሪ ይወሃቦም ነበረ። ሃይማኖታውያን መራሕቲ ከም ምኳኖም ኣብ ሃይማኖታውያን በዓላትን ጸምብላትን ክሳተፉ ግቡኦም እዩ። ብዘይካ'ዚ ፈርኦናት ሕግታት ይነድፉ፡ ኩናት ይመርሑ፡ ግብሪ ይእክቡን ዝበለጸ መሬት ናይታ ሃገር መረጽም ይወስዱን ነበሩ።

ብዙሓት ምሁራን ቀዳማይ ፈርኦን ናርመር (መኒስ) ከምዝነበረ ይገልጹ።



ቀዳማይ ንላዕለዋይን ታሕተዋይን ግብጺ ሓደ ዝገበረ'ውን እዩ። ስለዚ 'ጉዚኢ ክልተ መሬት' ዝብል ቅጽል ስም ተዋፊብዎ ነበረ። ዝበዝሐ ግዜ ፈርኦናት ዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮ እዮም፡ ክልዮፓትራን ሃተሸፕሱትን ዝበሃላ ፈርኦናት ደቂ ኣንስትዮ ግና ናብ ስልጣን መጺኣን ከምዝነበራ ይፍለጥ። ንንግስቲ ሃተሸፕሱት ዝገልጽ ብዙሕ ጽሑፋትን ሓወልትታትን እኳ እንተነበረ፡ ኣብ ዝመጽእ ደቂ ኣንስትዮ ናብ ስልጣን ከይመጽኣ ብዙብል ምስምስ ኩሉ ከምዝዓነወ ይግለጽ።

ግብጻውያን ህይወት ድሕሪ ሞት ይኣምኑ ብምንባሮም፡ ንፈርኦናቶም ኣብ ፍሉይ መቓብር የንብርዎም ነበሩ። ብዘይካ'ዚ ካብ ሞት ምስ ተንስኡ ንኸገልግልዎም ንገለ ካብ ኣገልገልቶም ቀቲሎም ምስኦም ይቕብርዎም ከምዝነበሩ ይፍለጥ።

ተመራመርትን ዳህሰስቲን ኣብ ጥንታውያን መቓብራት ግብጺ መጽናዕትታት ብምግባር ብዙሕ ርኽበታት ከምዝረኸቡ ገሊጾም ነይሮም። ሓደ ህቡብ ኣብነት ናይዚ ኣብ 1922፡ ሆዋርድ ካርተር ዝተባህለ ተመራማሪ ስነ ጥንቲ ኣብ መበል 19 ዓመቱ ናይ ዝሞተ ፈርኦን ብዘገበሮ ምርምር ኣዕጋቢ ውጽኢት ክረክብ ክኢሉ እዩ።

## ንጉስ ኣሾካ

ንጉስ ኣሾካ ቻንድራጉፕታ ደባናምፕሪያ ካብ 268 – 232 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ሳልሳይ መራሒ ናይ ንግስነት ማውራን ዝነበረ እዩ። ግዝኣቱ ዝበዝሐ ሃገረ ህንዲ (ናይ ሎሚ ካብ ምዕራብ ኣፍጋኒስታን ክሳብ ምብራቕ ባንግላደሽ) ይሽፍን ነበረ። ንሱ ኣብ ጥንታዊት ኤስያ ሃይማኖት ቡድሂዝም ኣብ ምዝርጋሕ ዓቢ ተራ ዝነበሮ እዩ።

ዝበዝሑ ብዛዕባ ንጉስ ኣሾካ ዝገልጹ ሓበሬታታት ካብ ጽሑፋት ቡድሂስት ዝመጽኡ እዮም። ኣመንቲ ቡድሂስት ንኣሾካ ከም ዓቢ መራሒን ንጉስን ብምርኣይ ፍሉይ ክብሪ ይህብዎ ከምዝነበሩ ይግለጹ። ብዘይካ'ዚ ንህይወትን ንግስነትን ኣሾካ ዝገልጹ ጽሑፋት ብቛንቋታት ሳንስክሪት፡ ፓሊ፡ ቲበታን፡ ቻይና፡ በርማ፡ ክመር፡ ሲንሃላ፡ ታይ፡ ላኦ፡ ከምኡ'ውን ኮታኒዝ ተጻሒፎም ይርከቡ። እንተኾነ ኩሎም ጽሑፋት፡ ንናይ ንእስነት ድሕረ ባይትኡ ኣይገልጹን እዮም።

ኣቦ ኣሾካ ጉዚኢ ናይ ማውራን ነበረ፡ ኣቦሓጎኡ ድማ መስራቲ ናይቲ ግዝኣት ከምዝነበረ ይፍለጥ። ብመሰረት ጽሑፋት ኣሾካቫዳና፡ ኣቦ ኣሾካ ቢንዱሳራ ንወዱ መልክዑ ክፉእ ብምንባሩ ኣይፈትዎን ነበረ። ሓደ ግዜ፡ ብድሕሪኡ ንጉስ ዝኸውን ንኽመርጽ ንኹሎም ደቁ ኣብቲ ዓቢ ወርቃዊ መናፈሻኡ ክእከቡ ነገሮም። ኣሾካ ናብኡ ክኸይድ ፍቓደኛ ኣይነበረን፡ ብጸቕጢ ናይ ኣዲኡ ግና ኣብቲ ቦታ ተረኽበ። ካብ ትጸበት ኩሎም ንኹሉ ዝነበረ ውድድራት ምሕኳር ኀቡ ውድድር ማስተን መግብን ስለተዓወተሉ ዝቕጽል ንጉስ ከምዝኾነውን ተነገረ። ኣቡኡ ካብ ጥቕኡ ክርሕቕ ስለዝደለየ ኣብ ግዝኣቱ ናብ ዝነበራ ርሑቕ ከተማታት ከመሓድረን ሰደዶ።

ኣሾካ ድሕሪ ሞት ኣቡኡ፡ ንግስነቱ ናብ ኣሕዋቱ ከይትኸይድ ብምባል ንሽዱሽተ ኣሕዋቱ ከምዝቐተሎም ኣብ ጽሑፋት ታሪናታ ሰፊሩ ኣሎ። ድሕሪኡ ን37 ዓመታት ኣብ ስልጣን ጸኒሑ። ንሱ ቅድሚ ሰዓቢ ቡድሂስት ምንባሩ ኣዝዩ ጨካን ንጉስ ከምዝነበረ ይግለጽ። ገለ ካብቲ ዝጉብሮ ዝነበረ ንምግላጽ፦

1. ሓደ ግዜ ንኹሎም ኣብ ስልጣን ዝነበሩ ተሓጋገዝቱ ሓደ ከቢድ ትእዛዝ ሃቦም። ንኹሉ ኣብ ግዝኣቱ ዝነበረ ዕምባባታትን ፍረ ዘውጽእ ገረብን ክቖርጽዎ ትእዛዝ ኣመሓላለፈ። ክትግብርዎ ከምዘይክእሉ ምስ ፈለጠ ናይ 500 ሰበስልጣን ርእሶም ከምዝቖረጸ ገበረ።

2. ሓደ መዓልቲ ንጉስ ኣሾካ ደቀሱ ከሎ፡ ገለ ካብ ወሸማታቱ ምስኡ ስለዘኹረያ ንሓንቲ ብስሙ ዝተሰምየትን ዝፈትዋ



ዝበረን ገረብ ቀረጽኦ። ብተግባረን ኣዝዩ ስለዝተቘጥዐ፡ ነተን ከባቢ 500 ዝበዝሓ ወሸማታቱ ከም መቕጻዕቲ ብሓዊ ኣንዲዱ ቀተለን።

3. ንዝኾነ ገበን ንዝፈጸሙ ዝሕየሩሉ ዓቢ ቤት ማእሰርቲ ኣዳለወ፡ እቲ ቤት ማእሰርቲ ብደገኡ ሰላቢ ይመስል እኳ እንተነበረ ውሽጡ ግና ኣዝዩ ክፉእን ኣሰካሒ ግፍዕታትን ዝካየደሉ ነበረ።

ድሕሪ'ዚ ፍጻመታት፡ ብሃንደበት ሰዓቢ ቡድሂስት ከምዝኾነ ይገልጹ። ገለ ጽሑፋት ግና ኣብ ኩናት ካሊንጋ ድሕሪ ዘጋጠሞ ዘሰክሕ ስዕረት ቀስ ብቐስ ሃይማኖታዊ ሰብ ክኸውን ከምዝወሰነ የረድኡ። ኣብዚ ኩናት ካብ ወገኑ ኣስታት 100 ሽሕ ሰባትን እንስሳን ክቕተሉ ከለዉ፡ 150 ሽሕ ዝበጽሑ ሰባትን እንስሳታትን ከኣ ተማሪኾም ካብ ግዝኣቱ ተወስዱ። እዚ ተግባር ስነ ኣእምሮኣዊ ሃሰያ ስለዘውረደሉ ዝበዝሐ ግዜኡ ምስ መራሕቲ ሃይማኖት ከሕልፎ ጀመረ።

ብመሰረት ጽሑፋት ማሃቫምሳ፡ ንጉስ ኣሾካ ሰዓቢ ቡድሂስት ድሕሪ ምዃኑ ኣብ ግዝኣቱ 84 ሽሕ ጉዳምት ክስርሓ ከምዝኣዘዘ ይገልጽ። ብሓፈሻ ኣሾካ ሰዓቢ ሃይማኖት ቡድሂስት ድሕሪ ምዃኑ፡ ንህዝቡ ኣብ መላእ ግዝኣቱ ካብ ናዕብን ዕግርግርን ብምውጻእ ሰላም ብዘመልኦ መገዲ ክመርሖም ከምዝጀመረ ይፍለጥ። ኣሾካ ሓሚሙ ንብዙሕ መዓልታት ድሕሪ ምድቃሱ ኣብ 232 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ሞተ።

ኣብ 2024፡ ሓንቲ ስማ ዘይተገልጸት መርበብ ሓበሬታ ንኣሾካ ምስ ቀዳሞት 10 ዝበለጹ መራሕቲ ዓለም ከምዝሰርዓቶ ገሊጻ ነይራ።

## ህዝብታቶም ባህልታቶምን

- ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ህጻናት ሓሙሸተ ዓመት ምስ መልኡ፡ ዝደለይዎ ዓይነት መስተ ክሰትዩ ዘፍቅድ ሕጊ ኣሎ። ወላ'ኳ ኣብ ሽዑ ዕድመ ኣይጀምሩ፡ ኣብ 13-17 ኣብ ዘሎ ዕድመኦም ግና ናብ ብዙሕ መስተ ዘለዎ ክለባት ከይዶም ክዘናግዑ ምርኣይ ልሙድ እዩ።
- ኣብ ኒውዚላንድ ኣብ ብዙሕ ኢጋጣሚታት ጫማ ዘይምግባር ልሙድ እዩ። ኣብ ወሸጢ ገዛ ጫማ ምግባር ልሙድ ኣይኮነን፡ ከምኡ'ውን ህጻናት ዝበዝሐ ግዜ ብዘይ ጫማ ይንቀሳቐሱ። ኣብ መጸኣታ ዝምህሩ መምህራን'ውን ብዘይ ጫማ እየን ናብ ክላስ ዝኣትዋ።
- ኣብ ባህሊ ቻይና፡ ምስ መቕርብካ ሰባት ማለት ስድራ ቤትካን መሓዙትካን ትሕትና ዝመልኦ ቃላት ምጥቃም ከም ስግንጢረውነት እዩ ዝሕሰብ፡ ንኣብነት፡ ሓደ ንምሳሕ ዝዓደመካ መቕርብካ 'የቐንየለይ' ዝብል ቃል ምጥቃም ግቡእ ኣይኮነን። ምስኦም ዘለካ ጥቡቕነት ተርእየሉ መገዲ ዘይወግዓውያን ቃላት ምስ እትጥቀም ጥራይ እዩ። ትሕትና ዝመልኦ ቓላት ወይ ወግዓዊ ቃል ምስ እትጠቀም ግና ምስቲ ሰብ ጥቡቕ ርክብ ከምዘይብልካ ዘርኢ እዩ።
- ኣብ ጀርመን ቅድሚ መርዓ ኣብ ዘሎ ክልተ መዓልታት ዕተሮታትን ካልእ ተሰበርቲ ነገራትን ኣብ ኣፍደገ ገዛ መርዓት ምስባሮ ልሙድ ተርእዮ እዩ። እዚ ልምዲ ጽቡቕ ዕድል ከምዘምጽእ ይእመን። ብጀካ መስተያት፡ ዝኾነ ክሰበር ዝኽእል ነገር ክሰብሩ ይኽእሉ እዮም። መስትያት ምስባር ግና ንሸውዓተ ዓመታት ዝቕጽል ሕማቕ ዕድል ከምዘምጽእ ስለዝኣምኑ ክሰንደውዎ ኣይደፍሩን እዮም።
- ኣብ ዝበዝሓ ሃገራት እስልምናን እስራኤልን ስራሕ ካብ ሰሉይ ዘይኮነ ካብ ሰንበት እዩ ዝጅምር። እዚ ምቅያር ዝመጽእ ዓርቢ መዓልቲ ዕረፍቶም ስለዝኾነት እዩ።
- ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ካብኻ ንዝዓበዩ ሰባት ሰላም ኣብ እትብለሉ ግዜ ደፊንካ እግርም ክትትንክፍ ምርኣይ ልሙድ እዩ። እዚ መግለጺ ክብረት እዩ።
- ኣብ መክሲኮ፡ ብዕድመ ንዝዓበዩ ስድራ ቤቶም ናብ መእለዩ ኣይወስድዎምን እዮም። ብመሰረት እምነት መክሲካውያን ስድራኻ ዓቢኻ ክንዲ ሰብ ክሳብ ትኣክል ተኸናኺኖምኻን ኣልዒሎምኻን ነተን ተረፈንኦም ዘለዋ ዕድመ ብዘየገኦ ክኣልይዎምን ክከናኸንዎምን ግድኦም ከምዝኾነ ይኣምኑ።
- ኣብ ዘምባብወ፡ ኣብ መገዲ ጎፍ ንዝበልካ ሰብ ሰላም ኣብ እትብለሉ ግዜ፡ ቀዳማይ ሰብ ሓንቲ ግዜ ብኢዱ ከጣቕዕ ከሎ፡ ካልኣይ ሰብ ከኣ ክልተ ግዜ የጣቕዕ።
- ኣብ ቻይና ገለ ቀቢላ ሰበኡት ንሰበይቶም ሓዚሎም ጥራሕ እግሮም ኣብ ልዕሊ ዝረሰነ ፈሓም ክኸዱ ዘገድድ ባህሊ ኣሎ። እዛም ቀቢላ እዚ ምግባር ንሰበይትኻ ካብ ኣህላኺ ስራሕ ከምዘለኽል ይኣምኑ። ብተወሳኺ ዝተፈላለዩ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋ ኣብ ምክልኻል ግደ ከምዘለዎ ይገልጹ። ነዚ ተግባር ገለኦም ሰበኡት መጀመርታ ሓዳሮም ክወጹ ከለዉ ይገብርዎ፡ ገለኦም ድማ ሰበይቶም ደቂ ከምዝሓዛት ምስ ፈለጡ ይፍጽምዎ። እዚ ልምዲ ኣዝዩ ኣቐንዛዊ ምዃኑ ይፍለጥ።



## ካብ ባህላውያን ወግዕታት ማለዥያ

ናብ ካልእ ሃገር ኣብ እትገሸሉ፡ ባህሊ ናይ እትገሾ ዘለኻ ህዝቢ ከተጽንዕ ዝበለጸ እዩ። ምኽንያቱ መግለጺ ክብረት ስለዝኾነ። ንሎሚ ሓደ በጺሒ ናብ ሃገረ ማለዥያ ምስ ዝኸይድ ክገብሮም ዘለዎ ነጥብታት ክነርኢ ኢና፦

- ባህላዊ ሰላምታ ማለዥያውያን 'ሰላም' ዝብል ቃል ብምጥቃም ክልቲኡ ኢደካ ብምውዝዋዝ ሰላም ትብሎም፡ ኢደካ ንሰላምታ ክትዝርግሓሎም የብልካን። ባዕሉ እቲ ሰብ ኢዱ ንሰላምታ እንተዘርጊሑልካ ግና ሰላም ክትብሎ ትኽእል። ኣብዛ ሃገር ንደቂ ኣንስትዮ ሰላም ንምባል ፈጺምካ ኢደካ ክትዝርግሕ የብልካን። ናይ ገጽ ሰላምታ ማለት ርእስኻ ምንቕናቕን ፍሽክ ምባልን ጥራይ እኹል እዩ።
- ሓደ ሰብ ንሓበሬታ ትካሉ ዝገልጽ ንግዳዊ ካርድ ምስ ዝሀበ፡ ብኽልተ ኢድካ ተቐቢልካ ብቀጥታ ሽዑ ከተንብቦ ኣሎካ። እዚ መግለጺ ክብረት እዩ።
- ናብ ማለዥያ ኣብ እትገሸሉ፡ ኣብ ኣከዳድናኻ ኣዚኻ ጥንቁቕ ክትከውን ይግባእ። ንዝበዝሐ ክፋል ኣካላትካ ዘርኢ ክዳውንቲ ምኽዳን ቅቡል ኣይኮነን። በጺሕካ ደቂ ኣንስትዮ ኩሉግዜ ሻርባ ኣብ ክሳደን ወይ ርእሰን ክጉብራ ዝበለጸ እዩ። ከምኡ'ውን ናብ ገዛ ዓዳሚኻ ኣብ እትኸይደሉ፡ ጫማኻ ኣውጺእካ ክትኣቱ ኣሎካ።
- ኣብ ገለ ግዜያት ኣብ ካልእ ባህልታት ከም ተራ ነገር ዝሕሰብ ኣብዛ ሃገር ግና ከም ዘይስነምግባራዊ ተግባር ዝሕሰብ ነገር ስለዘሎ ኣብ ኩሉ እትገብሮ ጥንቁቕ ክትከውን ዝበለጸ እዩ። ብኣጻብዕትኻ ናብ ዝኾነ ነገር ምምልካት ከምቕቡል ነገር ኣይወሰድን እዩ። ኣንፈት ቦታ ኣብ እትሕብረሉ፡ ምሉእ ኢደካ ዘርጊሕካ ክትጥቀም ኣሎካ።
- ምስ ዓዳሚኻ ኮፍ ኣብ እትብለሉ ግዜ፡ እግርኻ ኣመሳቒልካ ኮፍ ምባል ከምኡ'ውን ጸዕዳ እግርኻ ንሰብ ምርኣይ ከም ነውሪ እዩ ዝሕሰብ።
- ኣብ ህዝባዊ ቦታታት፡ ኣብ ጎድንኻ ምስ ዘሎ ጥቡቕ ምቅርራብ ከምዘለካ ከተርኢ የብልካን። ስለዚ ክትተሓቛቖፍ ይኹን ክትሰዓዓም የብልካን።
- ሓደ ነገር ኣብ ጎድንኻ ናብ ዘሎ ሰብ ኣብ እትሕልፈሉ ግዜ የማናይ ኢድካ ተጠቐም። ጸጋማይ ኢድ ንዓይኒ ምድሪ ምጥቃም ጥራይ ከምዝተሓዝአ ስለዝኣምኑ።
- ምስ ደቂ ማለዥያ ናብ ቤት መግቢ ኣብ እትኣትወሉ፡ ኣብ ቅድሚኦም ስጋ ሓሰማ ወይ ኣልኮላዊ መስተ ክትእዝዝ የብልካን።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ብፍ/በ/ማሰል ኣልማዝ ከፈላ ኪዳ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣስቴር ኪሮስ ኣሰፋው፡ ስም ምትሕልላፍ ዋንነት ገዛ ዝምልከት ጉዳይ ተኸራኺርክን ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን10/3/25 ኣብ ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረባ፡ እንተዘይቀሪብክን፡ ጉዳይክን ኣብ ዘለኽናሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ተኸሳሲት ኣኸለሉ ተስፋጋብር ምስዮና፡ ገብረሂወት ሰኣኩ፡ ከሳሲት ጸሃይሽ በርሀ ተኽሉ፡ ናይ መኪና ስም ዋንነት ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣምለሰት ባህታ ተኸሰሃይምኖት፡ ተኸሰስቲ 1.4 ገብረእግዚኣብሄር ጎይትኦም 1.5 ምስዮና ጎይትኦም 1.6 መዛሪን ጎይትኦም 2.ሉተብርሃን በላይ፣ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፣ ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ምጽላል ካሕሳይ ዞሚከኤል፡ ሓወይ ታደሰ ካሕሳይ ዞሚከኤል ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/03/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/ማሰል ኣቶ ተኸለሃይማኖት ሃብተሚካኤልን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ የሴፍ ዓብድላን ዘሎ ናይ ፈጻሚ ክርክር፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ሄለን ሰለሙን፡ ሓፍተይ ወ/ሮ ሰለማዊት ሓጎስ ኣሰፍሃ ካብዚ ሃገር ምስ ወጸት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጥፍእቲ ተባሂላ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/03/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡

ናዝራት ተኽሉ ኢሳቅ፡ ኣዴና ኢትዮጵያ መንግስቱ ጉበረ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ህላዋትን ምስ ሓንቲ መዋትቲ ተተካቲ ደቃን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/03/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡

ኣብ ጺጋይ ሰበሁቱ፡ ብዓል ቤተይ ሰዩም ኣብርሃም ንገሰ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/03/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡

ሰለማዊት ኣማኑኤል ኣርኣያ ምባል ተረፉ፡ ዊንታ ኣማኑኤል ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/03/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡

ወ/ሮ ኣብርሃት ሰለሙን፡ ኣቶ ብርሃ መብራህቱ፡ ጓልናን ሓፍትናን ወ/ት ናዝራት መብራህቱ፡ ን9 ዓመታት ደሃይ ስለ ዘይብላ፡ ጥፍእቲ ተባሂላ ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/03/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ኣቤል ኣብርሃምን ተኸሳሲት ወ/ሮ ሄለን ወልዱ ተሰማን ዘሎ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክርክር፡ ተኸሳሲ ንጹር ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየኻሉ ክርአምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/ማሰል ኣቶ ኣሰገዶም ነጋሽ በየነ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ፍ/ሄር ሊላይ ጺጋይ ወልደሚካኤል በ/ቤቱ ልኡል ተሰፋዝጊን ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ንጹር ኣድራሻኣ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኪ ን/4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሳምራዊት ተሰፋይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዓብደልዋሰዕ ዓብደላ ርዝቀይ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ መኪና ክሲ ቀሪቡልካ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈለጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ኣልጋሽ ገብረእግዚኣብሄር ሰረቐ፡ ብዓል ቤተይ ተሰፋይ ተኽለሚካኤል ኣርኣያ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡

ሳሙኤል ኪዳነ ሃይለሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ሳሙኤል ኪዳነ ተኸስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡

መድሃን ከስተ ተስፋሚካኤል፡ ስም ኣደይ ለተኪዳን ተስፋሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ለተኪዳን ተስፋልደት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡

ወ/ሮ ብርኽቲ በርሀ ኣርኣያ፡ ብዓል ቤተይ ተኽስተ ወ/ገርግሽ ሰበሁቱ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ሰናይት መሓሪ ገብረሚካኤል፡ ብወከል ኣቶ ፍጹም መሓሪ ገብረሚካኤል፡ ሓፍተይ ነ/ሄር ኣብርሃት መሓሪ ገብረሚካኤል ብዕለት 18/10/2015 ኑቲ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋላ ነፋሲ ኣብ ዓዲ ጎማላ ዝርከብ ገዘእ ብሰብዋ ስለዝወሰድለ ስለዘዘበትኒ፡ ለባዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

ወ/ሮ ትብርህ ሃብተም ኣርኣያ፡ ኣደይ ወርቁ ጎይትኦም ካሕሳይ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

ኣቶ ቴድሮስ ኣብርሃም ግርማጽዮንን ወ/ሮ ኣዞማይት ኣብርሃም ግርማጽዮንን፡ ብወከል ወ/ሮ ኣድያም ኣብርሃም ግርማጽዮን፡ ብሓትና ነፍ/ሄር ሓዳስ ተኽለ ወልደማርያም ብቑጽሪ 300/2007 ኑቲ ኣብ ዓዲ ቀ ንኡስ ዞባ ጋላ ነፋሲ ዝርከብ ገዘእ ብሰብዎ ስለዝበደፈትልና እቲ ለበዎ ይጽደቐልና ስለ ዝበሉ፡፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

ሕመድሽም ኢብራሂም ዑመር ምባል ተረፉሓሕመድ ኢብራሂም ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

ት/ዕድመ ሚካል ምስጋና፡ ብወለዳ ምስዮና ሃማርያም ዑቕባገርግሽን ኣምለሰት ሰለማ ገብረገርግሽን፡ ሚካል ምስጋና ምባል ተረፉ፡ ሚካል ምስዮና ሃማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

ወ/ሮ ልዋም ሚካኤል ኣብርሃም፡ ብወከል ኣቶ ሚካኤል ኣብርሃም ዑቕባጼን፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣሚን ኣሰፍሃ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ መሓመድ ሰዒድ ጃብር ዐስማን ምባል ተረፉ፡ ሰዒድ ጃብር ዐስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

ዓፍያ እድሪስ ሱሌማን ምባል ተረፉ፡ ዓፊት እድሪስ ሱሌማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ዳይሞን የሴፍ የማ፡ ኣቦይ የሴፍ የማ ገብረእግዚብሄር ካብ 2014 ክሳብ 2020 ደሃይ ነይሩዎ፡ ብድሕሪኡ ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ይጸውዓልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን6/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዲላበርዕድ

ኣቶ ደናብ ጊልያ ጋይም፡ ብዕለት 10/2/2014 ዓ/ም ብስም ኣቶ ጃዝፐ ማሽትሮ ሳንታ ተመዝጊባ ዘላ ካብ ሕጋዊ ወከሉ ኣቶ ዑቕባይ ዘወልዲ ገብርኣብ ማርቸደስ ዝዓይነታ ቁጽሪ ሰሌዳ ER-3 -12030 (ሓድሽ ቁጽሪ ሰሌዳ ER-A-3-3795) ቁ. ቻሲ. 309-400-10-377381 Model 1977 ዝኾነት ገዝአ ማስርሕ ዋንነት ስም ምስግጋር ከይፈጸምና ጸሒፍ፡ ስለዚ ስም ምስግጋር ይገበረለይ ስለ ዝበለ፣ ዋና ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ንዕለት 25/2/2025 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ከሳሲት ብጻልቲ በትካ የዲት ታደሰ ሃብቱ፡ ተኸሳሲ እዮብ ደበሳይ ኣብርሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን28/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሳሚኤል ኢያብ ሃብተ ምባል ተረፉ፡ ዩኤል ኢያብ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማእከል፡ ጎደና ሳሕል ቁ.ገዛ 0 ብቑ/ፍቓድ ዋኒን ASL00040776 ናይ ቤት ዕዮ ሕብስቲ ትካላይ ንኣቶ ማሪቆስ እስቲፋኖስ ሃብተየም፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዲዞ ጎደና ዓዲ ሰጉዶ ቁ.ገዛ - ብ 1,150,000 ናቕፋ ብዕለት 23/02/2023.መዝ 21/2023 ስለዝሸጥኩሉ፡ ብስም ሺያጢ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

መሉ ተስፋየውሃንስ ክፍለጽዮን

---

ብስም ነ/ሄር ሳዕድያ ኢብራሂም ዓብደሉ ኣብ ዚፕ 1A 113 ፕሎት 9 ፓርሰል G ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ ዝርከብ ህንጻ ስፍሓቱ 200 ትርብዒት ሜተር ዝኾነ ብዕለት 03/09/2019 ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዩ ንብረት ASD 00022856 ብቑጽሪ ንብረት 1BRASM014539/0 ዝተመዝገበ ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ፓብሊክ ኖታርን ካዳስተርን ይቕረብ፡ ዝቃወም ምስ ዘይህሉ ግን መስርሕ ምትሕልላፍ ናብ ስመይ ክቕጽል ምዃነይ ኣፍልጥ።

ኣወልከር መብራህቱ መሓመድ
ሕጋዊ ወራሲ

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ከ/በ. ቀሓውታ ን/ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ምም/ከ/በ. 04 ጎደና 206 ቁ.ገዛ 10 ቁ.ሎታ 72 ቁ.ፓርሰል ክፋል 'ኢይ' ፓርሰል ዞን ASP00001375 ዝርከብ፡ ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1:012695/1 ዝተመዝገበ ገዛ፤ ካብ ሸያጢት ኣቶ ገብረትንሳኤ ኣብርሃም መሃዝግን ብዓልቲ ቤቱ ንግስቲ ኣብርሃም ተወልደን ስለዝዓደግኩዎ፡ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ መውዳታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂልሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየየ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሉቺያ ሃይለ ገብረሂወት
ብወከል ኣቶ ተስፋይ ሃይለ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ቲራቮሎ፡ ጎደና ደብረሳላ ቁ. ገዛ 16 ፕሎት 92 ስፍሓት መሬት 87.07 ት/ሜ ብቑ. ምስክር ወረቐት 103859 መወከሲ. ቁ. 122316 ብስም ነ/ሄር ዘውዲ ፍስሃጽየን ካሕሳይ ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብኩዎ፡ ናብ ስመይ ከሰጋግሮ ስለ ዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሃለዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍርዲ መእገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኒይሩ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስትራልን ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለኒ ሰነዳት ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ሳሚኤል ብርሃ ገብረትንሳኤ

---

ኣመልካቲት ተስፋየሱስ መሓሪ ወልዱን ወ/ሮ ኤልሳቤጥ መንግስትኣብ ዓንደሚካኤልን እተበሃልና ሕጋውያን ሰብኣይን ሰበይትን፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ከ/በ. ምም/ን/ዞባ ጸጸራት ፕሎት 197 ቁ.ፓርሰል ዞን ASP00032825 ፓርሰል E ስፍሓት መሬት 375 ዓይነት ህንጻ G+1 መዓላ ህንጻ መንበሪ ከ/በ. ዚፕ ኮድ ጸጸራት 1B3881 ጎደና 3882-43 ዝርከብ ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1:004287 ዋንነቱ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዋንነትና ዝኾነ ገዛ፡ ብሰ/ሕጊ ዓ/2427/2434 ዝፈቐዶ ንወድና ኣማኑኤል ተስፋየሱስ መሓሪ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ብቁ/መ/49/25 ናይ ዕለት 31/01/2025 ኣመዝጊብና ብህያብ ስለ ዝሃብናዮ'ሞ ዋንነት ናብ ስሙ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ኤልሳቤጥ መንግስትኣብ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Supply Chain Supervisor (Capex & Projects)
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities

- Oversee assets (capex) and owner's projects material acquisitions.
- Assist in the co-ordination of capital expenditure plans
- Ensure adequate procedures and processes are in place and aligned to company authorization and approval matrix

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

- Perform review and processing of departmental purchase requests.
- Ensure Capital and Project Expenditure approval processes are adhered to.
- Ensure Capital Expenditure justifications have been reviewed and relevant.
- Ensure purchase requests are processed as per procurement procedures.
- Raise necessary system (Pronto) documents – Purchase Requisitions (PRs) and Purchase Orders (POs)
- Ensure approved POs are placed with relevant vendors per procurement procedure.
- Monitor and analyze Capex procurement performance metrics (KPIs).
- Develop and maintain relationships with key suppliers.
- Ensure compliance with industry regulations and company policies.
- Train and mentor supply chain team members.
- Collaborate with other departments to align supply chain processes with business goals.
- Prepare and present reports on supply chain performance.
- Resolve any issues or discrepancies in the supply chain process.
- Negotiate contracts and agreements with suppliers.
- Develop and implement supply chain strategies.
- Ensure accurate record-keeping of all supply chain activities.
- Assist in managing logistics and transportation of Capex and Projects Material
- Forecast demand and plan inventory accordingly.
- Ensure safe delivery and storage of Capex and Project Material
- Stay updated on industry trends and best practices.
- Lead supply chain projects and initiatives (Continuous improvements)

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- Degree or Diploma in Business or Supply Chain
- Good Systems and Microsoft tools knowledge

Working Experience – Nature & Length

- 7 to 10 years Supply Chain experience
- Knowledge of Mining, Business & Commercial acumen

Technical Skills

- Minimum 5 years' Supervisory experience
- General understanding of mining and processes to offer effective supply management

Behavioral Skills

- Communication (English & local language)
- Analytical and problem shooting mindset.
- Results oriented
- Ability to work toward strict deadlines
- Assertiveness
- Strong Interpersonal skills
- Discretion
- Integrity
- Self-discipline
- Ability to work in multi-disciplinary environment
- Risk management & assessment

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Sites
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.
- Applicants Should Attach Authenticated Educational Documents.
- Applicants Should provide letter of service from former employers.
- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Non-Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

General Information and other requirements:

- Place of Work: Asmara Office & AMSC Sites
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.
- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

---

ኣመልካቲት ኣነ ወ/ሪት ራህዋ ካሕሳይ ኣረፋይነ ዝዘበሃልኩ፥ ብስም ወላዲተይ ለተብርሃን ተኽለ ተሰሪሑ ዝነበረ ቃርድ ኣባልነት ናቕፋ ኮርፖረሽን ቁጽሪ 2694 ስለ ዝጠፍኣኒ፣ ረኺበዮ ወይ ብዕዳ ሓበሬታ ዝህብ እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑ. ሞባይል 07346890 ይሓብረኒ። እንተዘይሓቢሩ፡ መተካእታኡ ክወሃበኒ ምኽንያት ኣሎ።

ራህዋ ካሕሳይ
ወኪል ሙሴ ማሓሪ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ከባቢ ማይ ኣፍራስ ፕሎት 29R ፓርሰል A ዚፕ ኮድ 1A111 ጎደና በሊቃጥ ቁ.ገዛ 30 ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑ.ንብረት 1BRASM018743/0 ብስም ኣልጋሽ ስዩም +14 ዝተመዝገበ ስፍሓቱ 71.78 ት/ሜ ዝኾነ ገዛ ስለዝሸጥናዮ'ሞ ናብ ስም ዓዳጊ ክንመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጋዊ ብዘለዎ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልጋሽ ስዩም

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊት ጋንታ ናብ ኣልጀሪያ ኣምሪሓ

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ፡ ካብ 09 ክሳብ 18 ለካቲት ኣብ ዘር ኣልጀርያ ንምስታፍ፡ ትማሊ ምሸት ናብታ ሃገር ኣመሪሓ።

እዛ ብኣሰልጣኒ መሴ ኣስሄል እትእለ ጋንታ፡ ንተቐዳደምቲ ሚልኪያስ ማእከለ፡ ዳንኤም ፍጹምብርሃን፡ ኑርኣሕመድ ዓብደልወሃብ፡ ሄብሮን ብርሃነ፡ ናኦድ ብርሃነን ኣኽሊሉ ኣተሽዎምን ሓቝፋ ኣላ።

ለሚ ዓመት ንመበል 25 ግዜኡ ዝካየድ ዘር ኣልጀሪያ፡ ኣብ 10 መድረኽ 1375.5 ኪሎሜተር ክሸፍን እዩ። ምስቲ ዘር ዝዳሕሰብ ሰለስተ ኻይ ሓደ መዓልቲ ውድድር'ውን ክካየድ እዩ።

እዛ ጋንታ ትማሊ ሰሉይ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ናይ መፋነዊ ስነሰርዓት ተኻይዱላ ነይሩ። ኮሚሽነር ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሃገር ዝለኣኽቶም ተልእኾ ፈጺሞም ዓወት ሒዞም ክምለሱ፡ ኣብ ዘካይድዎ ውድድር ድማ ናይ ምትሕግጋዝን ምትሕልላይን መንፈስ ከንጸባርቑ ተላብዮምም።

ኣምባሳደር ዘመደ ወሲኹ፡ ዝሓለፈ ዓመት ንዝበዝሑ መድረኻት ንኹሉ ማልያ ዓቂባ ድሕሪ ምጉዓዙ ኣብ ናይ መወዳእታ መድረኽ ብዘይተፈላለየ ምኽንያት ንዘይሰረቶ ዓወት፡ ለሚ ዓመት ምስ ብሉጽ ብቕዓት ክትምለሶ ምጽዋቱ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኣቶ ተመስገን ረዳእ ብወገኑ፡ ኣብ ብሽክሊታ ምብልሻውን ምውዳቕን ንብር ኮይኑ፡ ካብ ዓወት ድማ ክዕንቅጸካ ከምዘይኽእል ብምግላጽ፡ ናይ ጋንታ ምትሕግጋዝ ብዝዩ ምጽዋትኩም ክትሰርሑ ከለኹም ግና እቲ ዝኸፍኣ እዩ፡" ብምባል፡ ብምትሕግጋዝ ክዕወቱ ኣዘኻኺሩ።

ኣሰልጣኒ መሴ ኣስሄል ብወገኑ፡ እተን ኻይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ዝያዳ ነጥቢ ስለዘወሃባ ኣበኣን ጸቒጦም ክሰርሑ ምዃናዮም ገሊጹ። መሴ፡ ዝሓለፈ ዓመት ነዛ ሃገራዊት ጋንታ ኣብዚ ውድድር ከምዝኣለያ ዝዘከር ኮይኑ፡ ለሚ ነቲ ዝሓለፈ ዓመት ርእዮም ዝሰኣንዎ ዓወት መደብስታ ክጉበረሉ ተሰፋኡ ገሊጹ።

ተቐዳደምቲ ከኣ፡ ኣሰልጣኒኦም ዝሃቦም መምርሒ ኣብ ግብሪ ብምውዓል፡ ህዝብን መንግስትን ዘሰከምዎም ሓላፍነት ብዓወት ከሰንይዎ ምዃኖም ምግላጾም፡ ህዝባዊ ርክብ ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## ዓንሰባ፡ ውድድር ኣትለቲክስ ተኻይዱ



ኣብ ከተማ ከረን ካብ 31 ጥሪ ክሳብ 02 ለካቲት፡ ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ ውድድር ኣትሌቲክስ ከምዝተኻየደ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ዜና ሓቢሩ።

ኣብዚ ዝተፈላለየ ርሕቀት ዝሰሮ ውድድር፡ ኣብ 100 ሜትሮ ኣትሌት ሙራድ ማህደር ካብ ከረን ዓብደልራሕማን ሑሴንን ዐመር ዓብዱላሂን ካብ ሃብሮ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ኣትዮም። ኣብ ተመሳሳሊ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ሰሎሜት ሳሙኤልን ከስቲና ፍረዘጊን ካብ ከረን ሰናይት ሚካኤል ካብ ዓዲተከሌዛን ተዓዊተን።

ኣብ 200 ሜትሮ፡ ዓብዱላሂ መሓመድኪርን ሙራድ ማህደርን ከረን፡ መሓር ዐሰማን - ሓልሓል፤ ብደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ለተገርግሽ ዑቕባርሽን የሳን ተስፋሃንስን - ከረን፡ ቅሳነት ጸገ ካብ ዒላበርዕድ ተዓዊቶም።

ኣብ 400 ሜትሮ፡ ዓብዱላሂ መሓመድኪር፡ ስለማን ኢብራሂም - ሃብሮ፡ ሱራፌል ኪዳ - ሓጋዝ ተዓዊቶም። ኣብ ተመሳሳሊ ርሕቀት ከኣ፡ የሳን ተስፋሃንስ፡ ለተገርግሽ ዑቕባርግሽን ቅሳነት ጸገን ተሸሊመን።

ኣብ 800 ሜትሮ፡ ራሔል ስምኦን - ዓዲተከሌዛን፡ ሓበን ብርሃነን ዓወት ግርማይን ዒላበርዕድ እንክዕወቱ፡ ዘቢብ ናስርን ደሴት ሉቃስን ካብ ዓዲተከሌዛን፡ ብርኽቲ ገብርኣብ - ዒላበርዕድ እውን ክሳብ ሳልሳይ ኣትየን።

ኣብ 1500 ሜትሮ ድማ፡ ሳይሞን ገብረንጉስ፡ ራሔል ስምኦንን ኪ. ዑቕባዜንን ካብ ዓዲተከሌዛን፡ ብወገን ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ሪም ኣብድን የርሳሌም ወሉድን - ዒላበርዕድ፡ ቅሳነት መርሃዊ - ዓዲተከሌዛን ተዓዊተን።

ኣብ 3000 ሜትሮ፡ ጀላን ሳልሕ ካብ ከረን ንኢያብ ርእሶምን ሳይሞን ገብረንጉስን - ዓዲተከሌዛን በሊጹ ተዓዊቱ። ሪም ኣብድ ካብ ዒላበርዕድ ከኣ፡ ንቅሳነት መርሃዊን ኣኸበረት ተስፋኣለምን - ዓዲተከሌዛን ረቲዓ ተዓዊታ።

ኣብ 5000 ሜትሮ ድማ፡ ጀላን ሳልሕ፡ ንኢያብ ርእሶም - ዓዲተከሌዛን፡ ዓንዱይ በየነ ካብ ከረን ኣኸቲሉ ተዓዊቱ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ጭሚራ - ሄኖክ ተስፋሚካኤልን ማጅድ መዲንን ኪ. ዑቕባዜን - ዓዲተከሌዛን እንክዕወቱ፡ ብተመሳሳሊ ውድድር ዘቢብ ናስር - ዓዲተከሌዛን፡ ራህዋ ኣብድን ብርኽቲ ገብርኣብን - ዒላበርዕድ ተዓዊተን።

ኣብ ዳርባ ዒረር፡ ኣታኽልቲ ገብርኣብ - ዒላበርዕድ፡ ሄኖክ ተስፋሚካኤል - ከረን፡ ማሕበል ነጋሽ - ዒላበርዕድ፡ ሰናይት ሚካኤል - ዓዲተከሌዛን፡ የርሳሌም መብራህቱ - ከረን፡ ኣዞማት ተኽልያ - ዓዲተከሌዛን ተዓዊቶም።

ኣብ ዲስኮስ ማሕበል ነጋሽ - ዒላበርዕድ፡ ንወሊድ መሓመድኑር ካብ ከረን፡ ኣታኽልቲ ገብርኣብ ካብ ዒላበርዕድ ኣኸቲሉ ተዓዊቱ። ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ የርሳሌም መብራህቱን ፊሩዝ ተስፋኣለምን ካብ ከረን ሰናይት ሚካኤል - ዓዲተከሌዛን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ሒዘን።

ኣብ ነዊሕ ልዕለት፡ ዓምር መሓመድ - ከረን፡ ፀደ መሓመድሰዒድ - ሓመልማሎ፡ ሓበን ተስፋጽዮን - ዒላበርዕድ፡ ብወገን ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ሰንሐት የናስ - ዒላበርዕድ፡ ደሴት ታደሰ - ሓጋዝ፡ ሳምያ በኺት - ዓዲተከሌዛን ተዓዊተን።

ኣብ ነዊሕ መሪት፡ ሳሚ ምሕረትኣብ - ከረን፡ ንስሌማን ኢብራሂም - ሃብሮ ከምኡ'ውን ሱራፍኤል ኪዳ - ሓጋዝ በሊጹ ተዓዊቱ። ሰለስቲ ሳምሶም ካብ ከረን ድማ፡ ንዮሳን ተስፋሃንስ - ከረን፡ ዘቢብ ናስር - ዓዲተከሌዛን ኣኸቲላ ተዓዊታ።

በዚ ወጽኢት፡ ከረን ብዝበዝሐ መዳልያታት ጸብለል ብምባል ዓብዩ ዋንጫ ክትወስድ እንከላ፡ ዓዲተከሌዛን ማእከላይ ዋንጫ፡ ዒላበርዕድ ንእሽተይ ዋንጫ ወሲደን።

## ራሞስ፡ ናብ መክሲኮ ኣቕኒዑ

ጉዱም ተጻዋታይ ሰርጆ ራሞስ፡ ምስ መክሲኻዊት ክለብ ሞንተረይ ክጻምበር ከምዝተሰማምዐ ተገሊጹ።

ራሞስ ኣብ ወርሒ ሰነ 2024 ካብ ሰቪያ ድሕሪ ምውጽኡ፡ ዛጊት ብውዕል ዘይቅየድ ተጻዋታይ ኮይኑ እዩ ጸኒሑ። ናብ ክለባት ስዑዲ ዓረብ ዶ ወላስ ናብ ሊግ ኣመሪካ ክቕንዕ እዩ ክበሃል ከኣ ጸኒሑ። ምስታ ናይ ቅድም ዓለሚኡ ሆዘ ሞሪኖ ዘሰልጥና ዘሎ ቱርካዊት ክለብ ፈነርባቸ ክጽምበር ተቓሪቡ ኣሎ'ውን ተባሂሉ ነይሩ።



እንተኾነ፡ ብመሰረት ጋዜጣ ኢሲፒኤን፡ ክሳብ ታሕሳስ 2025 ብዝጸንሐ ውዕል ናብ ሰሜን ኣመሪካ ኣቕኒዑ ኣሎ - ናብ መክሲኮ።

## ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ይቕጽል

### ዓንሰባ መሪሕነት ዓቂባ

ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ፡ ብስሉሰ'ውን ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ብኽልተ ግጥማት ቀጺሉ።

ፊልማ ብዞባ ዓንሰባ ዝተረትዐት ጋሽ ባርካን ንሰምበል ዝሰዓረት ምም/ን/ዞባ ጉዳይፍን ተራኺበን። ጉዳይፍ፡ ብተደጋጋሚ ልዳት መጋጥምታ ኳሕኩሓ ክሰልጣ ኣይከኣለን። ብሓፈሻ ብኽልተኣን ጋንታታት ጸቡቕ ጸወታ እኳ እንተተራእየ፡ ጸወታ ግና 0ብ0 ተዛዚሙ። የዋና ጼጋይ ካብ ጋሽ ባርካ ከኣ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተሰምያ።



ድሕሪ ጸወታ ኣሰልጣኒ ጋሽ ባርካ የኡል በረቐ "ኣብ ዝሓለፈ ዝኸሰርናዮ ነጥቢ ብሰንኪ መጉዳእቲ ናይ ተጻወትትና እዩ ነይሩ። ለሚ ግና ክንዕወት ዋላ ኣይረኸብናል ተጻወትትና ብዘርኣየኦ ናይ ምዕዋት ወኒ ብቕዓትና ከንጸባርቕ ክኢልና ኢና" ኢሉ።

ኣሰልጣኒ ጉዳይፍ ኣቤል ኣብርሃም ብወገኑ፡ ሹቶ ናይ ዘይምምዝጋብ ብቕዓት ጋንታኡ ዝነደለ ምኽንያት፡ ብሰንኪ ተደራራቢ ጸወታ ዘስዓቦ ድኻም ምዃኑ ጠቒሱ።

ዝሰዓበት ጸወታ ምም/ን/ዞባ ሰምበል ምስ ዞባ ዓንሰባ ዘራኸበት ነይራ። ካብ ዝሓለፈ ጸወታኣን ተመሓራርያን ዝቐረባ እዚ ጸወታ፡ ኣብ ምጥቃዕ ዘድሃበ ስልቲ ጸወታ ክትጻወት ዝመረጸት ዓንሰባ፡ ብመገዲ ያስሚን በየነ ሹቶ ረኺባ ንእረፍቲ መሪሓ ወጺኣ። ኣብ ካልኣይ እብረ ዝተወሰኸ ሹቶ ብዘይምንባሩ ከኣ፡ ዓንሰባ ብሓንቲ ሹቶ ተሓጊዛ ካልኣይ ተኸታታሊ ዓወት ኣመዝጊባ መሪሕነታ ዓቂባ። ኣቦላ ፈቨን ሰበሃቱ ከኣ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ።

ድሕሪ'ቲ ጸወታ ዓላሚ ዓንሰባ ዳዊት ፍረዝጊ፡ "ስልቲ ጸወታና ኣብ መዓላ ኣውዒልና ኣጉዱሲ ነጥቢ ክንሕስብ ምኽኣልና ተጻወትትና ኣድናቖት ይግብኦን እዩ" ኢሉ። ኣሰልጣኒት ሰምበል ሙሉ ገረዝጊሄር ከኣ፡ ናይ ዝሓለፈ ሃንፋተን ሸፊነን እኳ እንተቐረባ፡ ካብ ስዕረት ከምዘይተናገፋ ገሊጻ።

እዚ ውድድር ለሚ ናይ ምድብ 'ለ' ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ደቡብ፡ ናይ ምድብ 'ሀ' ሓይሊ ኣየር ምስ ኢንሹራንስ ከራኽብ እዩ።

ሊድያ በረኸት

### "ማን ዩናይትድ እያ ነይራ ጸገሙ" ደገፍቲ ኣንቶኒ

ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብ ዝጸንሓሉ ብሰንኪ ዘይዕወት ግዜ ብልቓሕ ናብ እጃኖዊት ክለብ ሪያል ቤትስ ክሰጋገር ዝተገደደ ናይ መኣዝን ኣጥቃዓይ ኣንቶኒ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ፋልማይ ጸወታኡ ብሉጽ ተባሂሉ ተሰይሙ።

እዚ ብራዚላዊ ኣብቲ ኣንጻር ሓንቲ ካብ ዓበይቲ ክለባት ላሊጋ ዝኾነት ክለብ ኣትሌቲኮ ቢልባኦ ዝካየደ ጸወታ፡ ካብ ፈለማ ተሰሊፉ ብዘርኣዮ ብሉጽ ብቕዓትን ኣብ መበል 15 ደቓይቕ ወዲ ጋንታኡ ኢሶኮ ዘመዝገቦ ሹቶ ብምኽሳቱን ናይታ ግጥም ዝበለጸ ተጻዋታይ ተባሂሉ ተሸሊሙ።



ድሕሪ'ቲ 2ብ2 ዝተዛዘመ ጸወታ፡ ቤትስ ኣብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸብኣ፡ "እዚ መጀመርያ እዩ" ብምባል ካብ ብቕዓት ኣንቶኒ ካልእ ከምትእጸብ ክትጽሕፍ እንከላ፡ ደገፍቲ ማን ዩናይትድን ካልኦትን ድማ፡ "ማን ዩናይትድ'ያ ነይራ እታ ጸገሙ" "ኣንቶኒ ምስ ቤትስ ኮይኑ ተዓዊቱ ባሎን ዲኦር ክኸውን'ዩ" "ዝኾነ ተጻዋታይ ካብ ዩናይትድ ምስ ወጸ ይደምቕ" ዝበሉ ጽሑፋት ብዝበዝሐ ክዘርግሑ ተራእዮም።

ወዲ 24 ዓመት ኣንቶኒ፡ ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ካብ ኣያክስ ናብ ማን ዩናይትድ ብ85 ሚልዮን ፓውንድ ድሕሪ ምስግጋሩ፡ ካብ 96 ጸወታታት 12 ሹቶታት ጥራይ ኣመዝጊቡ። ኣብ መደብ ኣሰልጣኒ ኣሞሪም ብዘይምህላዉ ከኣ፡ ናብ ሪያል ቤትስ ብልቓሕ ተሰጋጊሩ።

**

### ማቲስ ተል ሓሳቡ ብምቕያር ናብ ቶተንሃም የምርሕ

ፈረንሳዊ ኣጥቃዓይ ክለብ ባየር ሙኒክ ማቲስ ተል፡ ሓሳቡ ብምቕያር ምስ ቶተንሃም ብልቓሕ ንምጽዋት ተጸምቢሩ።



ቶተንሃም ቅድሚ ሳልስቲ፡ ንተል ብ50 ሚልዮን ፓውንድ ንምዕዳግ፡ ምስ ባየር ሙኒክ ተረዳዲኣ ነይራ። ይኹን'ምበር፡ እቲ መሰርሕ ከም ዝፈሸለን ማን ዩናይትድ ንምፍራሙ ትሰርሕ ከምዘላ'ን እዩ ተገሊጹ። እንተኾነ ዩናይትድ ካብቲ መሰርሕ ኢዳ ብምስሓባ፡ ናብታ ኣቐዲማ ክተፈርሞ ቀሪባ ዝነበረት ቶተንሃም ክጽምበር ተቓሲቡ ኣሎ።

እዚ ወዲ 19 ዓመት፡ ክሳብ ምዝዛም እዛ ዓመተ-ስፖርት እዩ ብልቓሕ ምስ ቶተንሃም ክሰልፍ። ብቐዋሚ ክጽምበራ መደብ ከምዘይብሉ ከኣ ይግለጽ።

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

ሃገራዊ ውድድር ክለባት ደቂ ኣንስትዮ

ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ - ደቡብ
1:30 ድ.ቀ

ሓይሊ ኣየር - ኢንሹራንስ 3:30 ድ.ቀ

ካራባኦ ካፕ (ካልኣይ እግሪ)

ኒውካስል - ኣርሰናል 11:00 ድ.ቀ




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሺያ ጂዳ | 05/02/2025 | ጎደና ሲገለት ቀታን ቁ.6፡ (ሺያጂዳ) | 07138002 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565